# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.226 | ሰንበት 21 ግንቦት 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሜዳን ነፈርቲ ኲናትን



ገጽ 3
ሰአላዊ መግለጺ

ገጽ 4
"ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ንሰውራ ኤርትራ ህይወት ሂቦናኦ እየን"



ገጽ 5
ሃገራትን ናጽነተን



ገጽ 11
ሮማ፡ ንሞሪኖ ትመባጸዖ




# መራሕቲ ኣርባዕተ ሃገራት፡ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ብኣጋጣሚ መበል 32 ዓመት ጽምብል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ደሰዱ ኣለው።

ፕረዚደንት ረፓብሊክ ምስሪ ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ንግስነት ታይላንድ ጀነራል ፕራዩት ቻን-ኡቻ፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ፖርቱጋል ማርሴሎ ረቤሎ ዴ ሶሳ፡ ከምኡ እውን ንጉስ ስዑድያ ሳልማን ቢን ዓብዱልዓዚዝን ወራሲ ዝፋን መሓመድ ቢን ሳልማንን ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ብልጽግናን ተመንዮም።



"ኣብዚ ኤርትራ በዓል ናጽነታ እትጽምብለሉ ዘላ እዋን፡ የሃናና ንገልጽ!" ዝበሉ እቶም መራሕቲ፡ ዝምድና ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ንምምዕባልን ንምዕማቑን ከምዝሰርሑ ገሊጾም።

ፕ ረ ዚ ደ ን ት ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲ ብተወሳኺ፡ ንዝምድና ኤርትራን ሃገሩን ሕውነታዊ ምትእስሳርን ብምጥቃስ፡ ንክልቲኡ ሓው ህዝብታት ብዝርብሕ - ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ንምዕዛዙ ዝሎ ድሌትን ቅሩብነትን ኣረጋጊጹ።

# 'ጽዋእ ህያብ ናጽነት' ኣብ ዞባ ዓንሰባ. . .

ጽዋእ ህያብ ናጽነት ኣብ ዞባ ዓንሰባ ትጉብሮ ዘላ ዑደት ብምቕጻል ብ19 ግንቦት ካብ ሓልሓል ተበጊሳ - ኒታ ሩባ ዓንሰባ ተቐጺትዋ እትርከብ ብዐበዜሒ ጀራዲን እትሰለ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ሓሊፋ፡ ኣብ እዋን ምዝላቕ 1978 ከምኡ'ውን ኣብ ምድምሳስ ናደው እዝ ከቢድ ምርብራብ ዝተኻየደሉ ደፍዓት ገንፈሎም በጺሓ።

ኣብ ዝሓለፈቶ ከባቢ ህዝቢ ደሙቕ ኣቀባብላ እናገበረላ ጉዕዛኣ ብምቕጻል፡ በቲ ክሳብ ሕጂ ልዕሊ 5 ሽሕ ክኢላታት ሕርሻ ኣፍርዩ ዝርከብዎን እቶትን እቶታውነትን ንምዕባይ ዝተፈላለዩ ሕርሻዊ ምርምራት ዘካይድን ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብምሕላፍ ብመንገዲ ስጡር ኣማስያኣ ናብ ከረን ኣቕኒዓ።

መቓብር ሓርበኛታት ከረን ኣብ ዝበጽሓትሉ ናይ ዝክረ-ሰማእታት መደብ ድሕሪ ምካያድ፡ ቤታ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ናይ 1970 ኣማኢት ካብ ነበርታ ብኣረሜናዊ ግፍዒ ስርዓት ሃይለስላሴ ዝተረሸንዎን ብሓዊ ዝተቓጸሉዎን ደና ብምሕላፍ፡ ከተማ ከረን በጺሓ፡ ኣማሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ ድማ፡ ካብ ኣማሓዳሪት ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ወይዘሮ ዓሻ ዓሊ ኖር ተቐቢልዋ።

ኣብ ጉደናታት ድሕሪ ምዟር ከኣ ኣብ ጀራ ፍዮሪ ናይ'ታ ከተማ ሽግ ብምውላዕ ዝተፈላለየ ባህላውን ስፖርታውን ምርኢት ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ መሳ ዝርከቦም ሓለፍቲ ዝተረኽቡሉ መደብ ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ፡ እቲ ኣጋጣሚ መበጽዓና እነሐድሰሉን ንልምዓት እጅና እንስበሉን ኣጋጣሚ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

እታ ጽዋእ፡ ካብ ከረን ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ክሳድ ንገሰ ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ምስ ተረከበት ኣብ ኣግሮ ኢንዱስትሪ ድሕሪ ቀትሪ ድማ ኣብ 1970 ህዝቢ ብጅምላ ኣብ ዝተቐትለላ ሂብረንቀቓ - ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዒዲ-ተከሌዛን ተረኪብዋ። ብሰራዊትን ተማሃሮን ተዓጂባ ድማ ዒዲ-ተከሌዛን ኣትያ።



# ኤርትራውያን ነበርቲ ሳስካቱን በዓል ናጽነት ጸምቢሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ሳስካቱን - ካናዳ በዓል ናጽነት ብድምቀት ጸምቢሎም።

ኣብ'ቲ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ጽምብል፡ ኣቦ-መንበር ማሕበረትም ኤርትራውያን ነበርቲ ሳስካቱን ኣቶ ሕሩይ ኣብርሃ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ኣብ ምድልዳል ሓድነትን ሰላማዊ ምሕያል ፍቕሪ ሃገርን ምኹስኳስ ሃገራዊ ባህልን ክብረታትን ልዑል ኣበርክቶ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ከንቲባ ሳስካቱን ሚስተር ቻርሊ ክላርክን ኣባል ፓርላማ ዞባ ሳስካቸዋን ሚስተር ኬቨን ዌግን ኣብ'ቲ ጽምብል ብኣካል ተረኺቦም፡ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ "የሃና" ኢሎም።

## መአረምታ

ክቡራት ኣንበብቲ፡ ናይ ትማሊ ዕለት 20 ጋዜጣ ብ'ሚያዝያ' ተሓቲማ ኣላ፡ ብዘተፈጥረ ጌጋ ይቕረታ እናሓተትና - ብ'ግንቦት' ክትንብብዎ ክትሰዱደን ንሕብር።

# ኤርትራ፡ ኣብ ዋዕላ 'ውሑስ ምሕደራ ኮሚካላትን ጉሓፍን' ተሳቲፋ

ኤርትራ፡ ካብ 1 ክሳብ 12 ግንቦት ኣብ ጀነቫ - ስዊዘርላንድ ኣብ ዝተቓንዐ ኣህጉራዊ ዋዕላ 'ውሑስ ምሕደራ ኮሚካላትን ጉሓፍን' ተሳቲፋ።

እዚ ንሰለስተ ኣህጉራዊ ኣከባብያዊ ውዕላት ስቶክሆልም፡ ሮተርዳምን ባዘልን ዘጠመረ ዋዕላ፡ "ሽቶታት ውሑስ ምሕደራ ኮሚካላትን ጉሓፍን ንምውቃዕ ስጉምትና ኣቃልጥፍ" ብዝብል ቴማ ዩ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ወከልቲ 189 ሃገራትን ውድባትን ዝርከብዎም ኣስታት 2 ሽሕ ተጋሩእቲ ዝተሳተፍዎ ዋዕላ፡ ካብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ብዳይረክተር ኣከባብያዊ ምሕደራን ቁጽጽርን ወ/ሮ ኣስቴር ረዳኢዝጊ ዝተመርሐ ጉጅለን ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድ ኣቶ ኣደም ዑስማንን፡ ንኤርትራ ወኪሎም ተሳቲፎም።

ኣብ'ዚ ዋዕላ፡ ኣባል ሃገራት፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዓላ ከገልግሉ ዝጽንሑ፡ ኣብ ጥዕና ደቂ ሰብን ኣከባብን ከቢድ ሓደጋ ከስዕቡ ይኽእሉ'ዮም ተባሂሎም ዝተለለዩ ሰለስተ ኮሚካላት ክውገዱ፡ ከምኡ'ውን ንምሕደራ ዝተፈላለዩ ሓደገኛ ጉሓፋት ዝሕግዙ ኣርባዕተ ቴክኒካዊ መምርሒታት ብምኽላስ ኣጽዲቐን።

ኤርትራ ኣብ ምውሓስ ኣከባቢ ዘለዋ ዘይቅዋር መርገጺ ብምንጻር፡ ብደረጃ ሃገር ውሑስ ምሕደራ ሓደገኛ ኮሚካላትን ጉሓፍን ንምስፋን ዝሕግዙ ዕማማት ኮተካይድ ከምዝጸንሐትን ከምዝላን መግለጺ ኣቕሪባ።





ቅያ ሰጡም መስርዕ!

# ሜዳን ነፈርቲ ኩናትን

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

እንድዒ ኽኣ'ምበር!. . . ነፈርቲ ኩናት ግዜ ገድሊ ዘይዝክር ተጋዳላይ ዘሎ ኩይኑ ኣይስመዓንን፡፡ ከመይ ኣብሉ እዩ'ሞ ክህሉ! ክንደይ ተጋዳላይ ደዩ ብሰንከን ብጾቱን ንብረቱን ስኢኑ? ቦምባታተን ኣበየናይ ምድሪ ሰውራ ዘይተዘርአ! ነፈርቲ ኩናት'ኮ፡ ካብ ምፍላም ገድሊ ክሳብ መወዳእታ፡ መንሸሮ ናብራ ተጋዳላይ እየን፡፡ ጉዕዞ ኩናት፡ ተቀማጢ ሰለም፡ ምዝንጋዕ ማእቶት፡ ኣኼባ፡ ድቃስን ቀምታን . . . ኮታ ኣብ ኩሉ ነገር፡ ደሃይ ነፈርቲ ኩናት ምጽንጻንን ምቁማትን ዘይተርፍ እዩ ነይሩ፡፡

"ክሻፋ፡ ክሻፋ፡ ክሻፋ. . ." ኣብ ኩሉ ዕምምትን ወግሐ ጸብሐን ካብ ልሳን ተጋዳላይ ዘይትፍለ ደሃይ ነበረት፡፡ ኣቤት'ወ ዘየናትካ ክኹና ከለዋ ደሃየን ክኸፍእ! ኣብ ግዜ ሰማይካ ክሕንብጣ ከለዋ ዝፈጥረልካ ሕርቃን ግዲ ይወሰኾ ኩይኑ ኹኑ፡ ምድሪ ዝንቕንቕ ደምጺ ንድሕሪኡን እናገደፋ ክንቃዕርራ ከለዋ፡ ሕርቃን ተጋዳላይ መሊሱ ይግንፍል፡፡ ጠገለ ዘይብሉ ቦምባታት ከርግፋ ከለዋ ደማ፡ ኣሰናኑ ነኺሱ ይሕንሕኖን፡፡

መራሕቲ ተሽከርከርቲ ገድሊ፡ ሎሚ ብዝዕባ እተን ካብ ምህዳኖም ኣዕሪፈን ዘይፈልጣ ሸኾኽቲ እንክዕልሉ፡ እንታይ ይብሉ ይኾኑ? ብሰሪ'ተን ሰማይ ግራተን፡ መራሕቲ መኪናን ከም ኣራዊት ዘጉዓም ብጸላምን ለይትን በርኻታት ክጥሕሱ፡ ብርሃን መዓልቲ ከም ዘይምልከቶም ምድሪ ከይወግሐ መካይኖምን ኑበሮምን ክዕሽጉን ከመሳስሉን ተባዙብን ሽበድበድን ክብሉ ደረኣየም ይኸሉ፡፡ ከም'ቲ ኣብ ቃልዕ ዝተረፈት ጫቒት መፍቶ ሾላ እትኸውን ጉልባብ ዘይተገረላ መኪና እውን መፍቶ ፓይሎታት ኢትዮጵያ እያ ዝነበረት፡፡

ምሉእ ለይቲ ክጉዓዝ ዝሓደረ መራሒ መኪና፡ ኣብ ምውግሑ ክንዲ ዘዕርፍ፡ መኪናኡ ክሰትረሉ ዝኽእል ኣግራብ ከናዲ፡ ፋስ ወይ ምሳር ኣልዒሉ ጨናፍር ኣግራብ እናጸልጸለ ዓባይ ትኹን ንእሽቶ መኪናኡ ብኹሉ ኣንፈታ ከመሳስል፡



መኪና ናብ መዕሸጊ ኩቦላ ከሎ ዝገደፈቶ ኣሰር መንኮርኮር፡ እተን ተኻሉት ነፈርቲ ከይርእያኦም'ሞ ብኡ ተመሪሐን ከየዕንዋሉ፡ ጨናፍር እናንከሰ ኣሰር ከጥፍእ፡ ኣብ ከቦኡ ንዓይኒ መራሕቲ ነፈርቲ ክስሕብ ዝኽእል ነገራት ከይህሉ ክኣሊ. . . ተኻሉ ጸገቡ የጽብሕ፡፡ ድሕሪ'ቲ ኩሉ ድኻም እውን፡ ንዕድል ዝገደፍ እምበር፡ ዘተኣማምን ኣይነበረን፡፡ ምኽንያቱስ፡ መራሕቲ ነፈርቲ ኩናት ስርዓት ኢትዮጵያ፡ መኪናን ኣበይ ከም ዝዕሸጋ ስለ ዝፈልጡሉ፡ ጸርግያ ዝመስል መንገዲን ርባርባን ክፈትዉ ጉዳም እዮም፡፡

ሚሳይል የለ ራዳር ኩይኑሎም ደኣ፡ ኣይከኑሃን ጸርግያ ኣብ ትሕቲኦም ዝሎ ደቀቕቲ ነገራት ከይተረፈ ዝኽእል ምልክታት ክኣልዩ ወትሩ ክሃልኩ. . ፡ ኣይነበር ናብራ፡ ሎሚ ኣበየናይ ኣድማስ ይረኣየም ይኸሉ?

ነፈርቲ ኩናት መግዛእቲ፡ ኑቲ ሲቪል ህዝቢ ዝተዓቀበሉ እንዳ ህዝቢ እውን ዝምሕራ ኣይነበራን፡፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ዝተራእየ

እርይ ቁጽር ኣብሎም ክርእይዎ እንታይ ክዎግኑዮም ይኽእል? ወዮ ደኣ ተጋዳላይ መትሓዚ ዘይብሉን ተበላሓቲን ኩይኑ እምበር፡ ኣበይ ከም ዘጽልል፡ በየን ከም ዝዕቆብ፡ ከመይ ገይሩ ከም ዘሸክዮም'ሲ ብዝመከሮ እናፈለጡዎ እዮም ከይዶም፡፡ ግን ከኣ ተጋዳላይ፡ ኣብ ጸጽባሕ ሓደሽ ሜላ እናተበላሓተ፡ ምሉእ ብምሉእ ናይ ልቦም ከም ዘየሰምሩ ብምግባር ዓዲ ኣይወዓለን፡፡

ቤት ትምህርቲ ሰውራኸ እንታይ ይብሉ ይኾኑ? ብፍላይ እቶም ብህጻንነቶም ብደምጺን ተኹሲን እዘን ነፈርቲ ዝሰንበዱ፡ ኣብ ንጹህ ኣእምሮኦም ዝተወቕረ ግናይ ዝኽሪ ክህልዎም ግድን እዩ፡፡ ሓያሎ እውን ብቦምባ ነፈርቲ ኩናት ዝተቘራረጹ ኣካላት መማህርቶም ዝረኣዩ እዮም፡፡ ነፈርቲ ከየርከብኦም፡ ጋሕጋሕ ምድሪ ቤት-ትምህርቶምን መደቀሲኦምን ራሕሪሖም፡ ካብ በረኻ ናብ በረኻ ነዊሕ ክጉዓዙ፡ ኣብ ዕራርቦ ናብ መረብዮም ክምለሱ፡ ካብ'ዚ ሓሊፉ እውን እናሻዕ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክግዕዙ፡ ዕለታዊ ናብራኦም ብሽቑረራ ከሕልፉዎ፡ ኣብ ቤት ትምህርቶም ፈደላት እናእቖጸሩ፡ ደምጺ ነፈርቲ ጎቦ ልቦም ክጉብሮም . . . ሰማይ ኤርትራ ዝጸልኣሉ እዋን ከመይ ይዝክሩዎ ይኾኑ?

እዘን ነፈርቲ ዘይብጽሓኦ ምድሪ ኤርትራ ኣይነበረን፡፡ ድፋዓትን ደጀናትን ባሕርን ማርሳታትን ሕክምናን ገራግርትን እንዳ ህዝቢን ሰንከላንን. . . ሰማይ-ሰማይ ኩሉ በጺሐናኦስ ኣይሂ ቦምባታት ኣዘንቢናሉ፡፡

እቶም ኣብ ዕርድታት ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያ ፊት ንፊት ዝጠማመቱን ብዓረር ዝጋጸቡን ዝነበሩ ተጋደልቲኸ ኣብ'ዘን ነፈርቲ ዘለዎም ዝኽሪ ከመይ ይኸውን? ማይ ክወርዱ፡ ንመደልደሊ ድፋዕ ኣግራብ ክጓርቱ፡ ሰንቅን ዕጥቂን ከምጽኡ፡ ልኡኽ ኩብጽሑ. . . ዝወፈሩ ብጾቶም፡ ብዝወፈሩዎ ከይተመልሱ ክተርፉ፡ ናብ ሕክምና ዘፋነውዎም ብጾቶም እናደኸ ተሃሪሞም ክሰውኡ፡ ደም እናረሃጹ ዝሃጽዎ ከናሊታትን ኣንደራትን ኣብ ናይ ቋሕ ሰም ግዜ ብቦምባ ፋሽሽቲ ክብንቆር፡ ዓይኒ ፓይሎታት ክስሕብ

ሰቡ፡ ዓይኑ፡ ብዘየገድስ ቦምባታት ምዝናብ ኣይገደፋን፡፡ ኣብ ዓይነን ዝኣተወ ዝኾነ ይኹን ንብረት ካብ ምዕናው ሰሸኽ ኣይበላን፡፡ ህጻናትን ኣደ ቈልዑን፡ ኣደታትን ኣቦታትን፡ ኣቦሓጎታትን እኖሓጎታትን፡ ብሓፈሻ ቈልዑን ኣረጋውያንን፡ ኣብ ክንዲ ኑታ ዝበህጉዋ ጸሓይ ንገሆ ዝርኽቡዋ፡ ምድሪ ከይወግሐ መዕቆቢኦም ከናድዩ ሽበድበድ ክብሉ ተፈሪዶም፡፡

ልቢ ህጻንን ዓቢን ብደምጺን ኑበሒን ተመሺጡ፡ ሽቑረራ ነቢሱ፡ ሞት እናንጠጠዩ፡ ኣይነበር ናብራ ቀጺሉ፡፡ እዚኦቶም እውን፡ ምስ'ቲ ዘሕለፍዎ ዝኽሪ ሜዳ ኤርትራ ዝተጸንበረ ዘይቅዶኦ ዝኽሪ ኣለዎም፡፡

ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ኑቲ ኣብ ምድሪ ዝሰኣኖ ልዕልና፡ ብሰማይ ባሕርን ክኸሕሶ ከም ዝኽእል እምነት ነይሩዎ፡፡ ስለ ዝኾነ እዩ ኸኣ፡ በብዋዚኡ ሰብን ኣጸዋርን እናደርደረ፡ 'ሓይሊ' ዝተባህለ ሓይሊ ኣየርን ባሕርን ዝሃዘ፡ ክልተኡ ሓይልታት፡ ንዊሕ ዓመታት ዝዓረገ ተጻራሪ ሓይሊ ስለ ዘይነበሮ፡ ምኩራት ኣባላት ሓይሊ ኣየር እናጥረየ፡ ንዋት እናደራረበን መመለሱ ክስውድ ጸኒሑ፡፡ ብርግጽ፡ ብሮማንዶ ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ዓውደ ውግኣትን ዝኸሰሮ ዓቕሚ ሰብን ንዋትን፡ ብዓቕሚ ህዝባዊ ግንባርን ጸቢብ ተኽእሎታትን እንክዕሞዘን ቀሊል ኣይነበረን፡፡

እዚ ግን ኑቲ ካብ ዓበይቲ ሃገራት ዓለምና መጠኑ-ኣልቦ ኣጸዋር ክረክብ ከቢድ ዘይነበረ ስርዓት፡ እንተርፎ ናይ ሞራል ውድቀትን ሕፍረትን ሰኣን እኹል ንዋት ኢዱ ከም ዝሕጽር ክገብር ዝኽእል ኣይነበረን፡፡ ስለ ዝኾነ እዩ ድማ ነፈርቲ ውግእ ኢትዮጵያ ካብ ታሪኽ ገድሊ ዘይተፈልያ፡፡

እተን ብዙሕ ዝዓይነተን፡ ኣብ ጸለም ከይተረፈ ዝድብደባ ዝነበራ ነፈርቲ፡ ምንቅስቓስን ዕማምን ተጋዳላይ ኣብ ምሰንኻል ዝነበረን እጃም ዓቢ ምንባሩ፡ ኣብ መዘኑብ ገድሊ ኤርትራ ሰፊሩ ዘሎ እዩ፡፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኩሉ ሓይሉን ብልሓቱን ንጹብለልታ ሓይሊ ኣየርን ባሕርን ስርዓታት ኢትዮጵያን ሓገዝቶምን ፈንጠሱ ክወጽእ ምኽኣሉ፡ ካብ'ቶም 'ተኣምራታዊ ሓይሊ' ዝበሉዎ ትንግርትታት ሓደ እዩ፡፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ደጎ ናይ'ተን ብተመልከተሎይ እሳት ዝዘንባሉ ሸኾኽቲ እናኸደና ምስ ኢጋር ሓይልታት ክዋጋእ ከሎ፡ ናሕሲ ሰማይ ክሰርሕ ዝኽኣል ስለ ዘይነበረ፡ ዋላ ሓንቲ መከላኸሊ ኣይነበሮን፡፡

ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ዝነበሮም ሓደ ኣማራጺ፡ ኑቲ ንኢጋር ሰራዊት ዝተሰርሐ ረሸሻት ንላዕሊ ብምንቅዕራር ኣብ ርሕቀት ንዝኣትዋ ነፈርቲ ኩናት ተቓውሞ ምግባር፡ እንተ ተኻኢሉ ድማ ምህራም ጥራይ እዩ፡፡ እዚ እውን፡ ተከስቲ ናይ'ዚ ብረት፡ ኣብ ቃልዕ ክኸውን ስለ ዘድርኾ፡ መንቀደመ ዝዓይነቱ ምጥምማት እዩ ዝነበረ፡፡ ልዕሊ ኩሉ፡ ብሕልፊ ኣብ ደጀናት ህዝባዊ ግንባር፡ ምንቅስቓስ ተጋዳላይ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ጸላም ጥራይ ክኸውን ዝገበረ፡ ኣብ'ቲ ህልም ዝበለ በረኻ ሰብ ምህላው ዝሕብር ምልክት ንምጥፋእ ዝተሃልኩ፡ ተጋዳላይን ንብረቱን ኣብ ዘይምቹእ ቅርጺ መሬት፡ ቈጥቋጢን ኣግራብን ዝሰፈረ፡ ተጋዳላይን ደጀኑን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝተኻላበዙ. . . ህላወ ናይ'ዘን ካብ ሜዳ ኤርትራ ዘይተፈልያ ነፈርቲ ውግእ እዩ፡፡

እዘን ነፈርቲ፡ ኣብ ኑብሲ-ወከፍ ውዕሎ ተጋዳላይ፡ ምረት ውግእ ኣዘይደን፡፡ ተጋዳላይ ናብ'ቲ ፊት ንፊት ንዘዋግኦ ጸላኢኡ እናቋመተ፡ ካብ ሰማይ ረመጽ እናኸየዋ ከበርሃኦ ዝነበራ'የን፡፡ ኣብ ህጹጽ ኩነታት ገድሊ፡ ከርክብ እናንየየ፡ ኣብ መንገዲ ከም ዘተረፋኦ ኣብ ዝኽሪ ተጋዳላይ ኣሎ፡፡ ኣብ መኣዲ ከበቡ ጠልቂም እናበሉ፡ ከሳሶኡ ካብ ጎረሮኡ ከይወረደ ሂወቱ ዝመንጠላ፡ ኣብ'ታ ንእሽቶ ትንፋስ ዝረኸበላ እናተሓጊረቐን መሰሳ ናብራ ገድሊ እናቋሰየን ዝደበያኦ፡ ጎሮሮ ብጾቱ ንኸጥልል ጆራብን ማይ ተሰጢጡ እናንቃዕረረ፡ ማዩን ደሙን ዝሓወሳኦ፡ ክልተ ፍቑራት ገድሊ - ኣሕዋት - ውሉድን ወላዲን - ትኽ ትንፋስ ኣዕሩኽ. . . ኣብ ናይ ቋሕ ሰም ግዜ ዝፈላልያ እየን ንተጋዳላይ - ነፈርቲ ኩናት፡፡ ኣብ ኩሉ ሂወት ተጋዳላይ፡ ሃንደበት ሓዊ እናኸየዋ፡ ንሰማይ ኣሚኑ ንሓንሳብ 'እፎይ' ንኸይብል ፈሪደናኦ፡፡

ተጋዳላይ፡ ንኹሉ መደራጋሕ እኪዩ፡ ሂወትን ኣካል ከፊሉ ደሰበሮ ደኣ'ምበር፡ ኣብ'ዘን ኣብ እዋን ሰኣል ከም ድያብሎስ ዝኾናኦ ተጻረርቲ ዝህልዎ ዝኽሪ ግን፡ በቶኣ ኣእምሮ ከም ዝኾና ከመይ ኣብሉ ክኩሓድ ይኽእል? ነፈርቲ ኩናት ኣብ ዓዲን ሜዳን በይሃን ብምኽንያን ሎሚ፡ እዘን ዋንኑ ዝኾና ዘይጉዳእ ነፈርቲ "ዋሕሕሕሕሕሕሕ. . ." እናበላ ምስ ብርቱዕ ደምጸን ብልዕለኡ ክሓልፋ ከለዋ፡ ሓበንን ናይ ዋንኑ ስምዒትን ኩሓድሮ እዩ፡፡ "እዚ ሰማይ ናትካ እዩ፡ ናትካ ስለ ዝኾነ ኢና ንሕንድረሉ ዘሎና" ዝበላኦ ከም ዘለዋ ኩይኑ ክስመዖ እዩ፡፡ ግና ናብ ትማሊ ወሲዶን ዝኽርታቱ ክቕስቅሳ እየን፡፡


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቅያ ስጡም መስርዕ !

## ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ሃገረ ቻይና













ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ - ሳልሕ ዓብደልቃድር

# “ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ንሰውራ ኤርትራ ህይወት ሂበናኦ እየን” ተጋዳሊት ኣብርሀት የማነ

ማርታ ክብሮም

ኣብርሀት የማነ ትብሃል። ኣብ 1958 ካብ ኣቦኣ ኣቶ የማነ ጺጋይ፡ ኢደኣ ሮማ ኣስራት ኣብ ኣስመራ - ኣኽርያ ተወሊዳ። ኣብኡ ድማ ዓብያ። ኾኖ ኣብ ንኡስ ዕድመኣ በቲ ናይ ሽዑ ዝነበረ ኩነታት ተጸሊያ፡ ኣብ ቃልሲ እጃማ ክተበርክት ጀመረት። ከም ሓፋሽ ውዳበት ጺሒፋ ድማ ናብ ሜዳ ብምኻድ ተጋዲላ። ድሕሪዚ እውን ብጾላኢ ተማሪኻ ንትሽዓተ ዓመት ተኣሲራ። ምስኣ ዝነበርናዮ ዕላል ደስዕቡ–

***ብኸመይ ኣብ ንኡስ ዕድመኺ ናይ ምቅላስ መንፈስ ሓዲሩኪ?**



ተማሃሪት ካልኣይ ክፍሊ ከለኹ፡ ኣቦይ ብስራሕ ናብ ከረን ተቐይሩ። ኩላትና ኣባላት ስድራ ድማ ናብ ከረን ኣርኪብናዮ። ኣብ ከረን ቅትለት፡ ግዘውቲ ምንዳድ፡ ካብ በረኻ ተጋደልቲ ቀቲልካ ኣምጺእካ ሬሳኦም ኣብ ዕዳጋ ምስቃል ልሙድ ተርእዮ ናይቲ ግዜ ነይሩ። ብቐልዓይ ከለኹ 21 ሬሳታት ተጋደልቲ ተሰቒሉ ርእየ። ኣብቲ ግዜ ጓል 10 ዓመት ነይረ። እዚ ጭካነ ካብ ርእሰይ ክሕከኽ ኣይከኣለን። ኣቦይ ምስ ጆብሃ ተወዲቡ ይሰርሕ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ገዛና ዝነበረ ዕላላት ብዛዕባ ተጋደልቲን ቃልሲን ጥራይ ስለ ዝነበረ ክጸልወኒ ክኢሉ እዩ። ኣቦይ እንደገና ብስራሕ ናብ ኣስመራ ስለ ዝተቐየረ ናብ ኣስመራ ተመሊስና።

ካብ ነዊሕ ዓመት ዝጸንሐ ናይ ምግዳል መንፈስ ኣብ ውሽጠይ ኮይኑ ይህውጸኒ ነይሩ። ሓደ ግዜ ተማሃሪት ታሽዓይ ክፍሊ ከለኹ፡ መምህርና ቅድሚ ናብ ክፍሊ ምእታዉ ኣብ ሰሌዳ ‘ELF’ ኢሉ ጽሒፉ። መምህርና ኢትዮጵያዊ እዩ ነይሩ። ምስ መጽኤ መን ከም ዝጸሓፎ ኣትሪሩ ሓቲቱና። እንተኾነ ኣሕሊፍና ምሃብ ዝበሃል ነገር ኣይነበረን። ደሓር ተጋደልቲ ጆብሃ ኣብ ወኪ-ዱባ ነይሮም። ካብ ገዛ ንትምህርቲ ኢልና ወጺእና ምስኦም ንውዕል ነይርና። ዝመሃሩና ወይ ንኽንውድብና ዝነበርዎ ተበግሶ ኣይነበረን። ምስ ካልኣይተይ ክንሰለፍ ኢልና እውን ከይድና ነይርና ኢና። ንኣሽቱ ኢኽን ተባሂልና ተመሊስና።

*** መዓስ ኢኺ ተወዲብኪ?**

ኣብ ጥሪ 1975 ምስ ህዝባዊ ግንባር እየ ተወዲበ። ኣብቲ ግዜ ጓል 16 ዓመት ነይረ። እንወጽኦ ዝነበርና ዕማም መልእኽቲ ምብጻሕ፡ ብሊይቲ ፋምፍሌታት ምዝርጋሕን ኣብቲ ከባቢ ዝሎ ሓበሬታ ኣኪብካ ናብ ተጋደልቲ ምብጻሕን ነይሩ።

*** ካብዚ ብኸመይ ኢኺ ንሜዳ ወጺኺ?**

ሓደ ግዜ ምሳይ ዝተወደበ መንኣሰይ ሓወይ ንብረት ሐዙ እናወጸ ከሎ፡ ‘ኮቾ ሰብሽ’ ወትሃደራት ሐዚዎሞ። ኣብቲ ግዜ ዝጠዘሐ ኤርትራዊ ተማሃራይ ውዱብ እዩ ነይሩ። ምስቲ ብዕድመ ንእሽቶይ ዝነበርኩ እንተ ቐጥቂጦሞ ምስጢር ከየውጽእ ተባሂሉ ብዙሕ ሰብ ንሜዳ ከይዱ። ኣነ ድማ ኣብ ዓዲ ናብ እትቕመጥ ቤተሰበይ ከይደ። ንገዛ ክምለስ ስለ ዘይደለኹ ብኡ ገይረ ንሜዳ ከይደ። መጀመርታ ናብ ድርፎ ኢና ከይድና። ካብኡ ድማ ንትሽዓተ መዓልታት ብእግሪ ድሕሪ ምጉዓዝ ሳሕል ኣቲና። ቀትሪ ከርፍ፡ መሬት ምስ ዓረበ ድማ ጉዕዞ ንጅምር። ኣብ ሳሕል ብሌቓት ትበሃል ዓባይ ከተማ ከም ዘላ ገይርም እየም ዝዮቱና ነይሮም። ንሕና ኸኣ መዓስ ኢና ንኣትዋ ኢልና ብተስፋ ንገዓዝ። ድሕሪ ናይ ትሽዓተ መዓልቲ ጉዕዞ ብሌቓት ምስ ኣተና ግዱ ብጀካ ቆጽሊ ዓዳይ ካልእ ኣይረኣናን። ህዝባዊ ግንባር ሓደ ካብቲ ሓያል ውድብ ዘበሎ እዚ እዩ። ደሓር ምስ በሰልና ክንርድኦ ከለና፡ እዚ መታን ብተስፋ ክንገዓዝ ዝተገብረ ምኻኑ እዩ ዝርድኣና።

*** ታዕሊም እሞ ከመይ ነይሩ?**

ኣብ ፋሕ ንትሽዓተ ወርሒ ኢና ተዓሊምና። ካብዚ ብጠዮዮ በሰልና ኢና ወጺእና። ኣብዚ ግዜ ብጠዚሒ ደቂ ኣንስትዮ ተሰሊፈን ነይረን። ደቂ ኣንስትዮ መታን ክንቕሕ ዝተዋህበ ትምህርቲ ብሉጽ እዩ ነይሩ። መሪሕነት ናይቲ ውድብ እውን ኣብቲ ከባቢ እዩ ነይሩ። ብዛዕባ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ዝተመሃርናዮ ትምህርቲ ካብቲ ኣገዳስነ ክሳብ ሕጂ ዘይርስዖን ትምህርቲ እዩ። ገሌና ግጉይ መረዳእታ ብዛዕባ ማዕርነት ነይሩና፡ ኩሉ ወዲ ዝገብሮ ምግባርን ምስራሕን ማዕርነት ኣይኮነን። ብዛዕባ ማዕርነት ቅኑዕ መረዳእታ ሽዑ እየ ሒዘ፡ ማዕርነት ኣብ ኩሉ ምስታፍ፡ ምብርኻት እዩ እምበር ኩሉ ወዲ ዝገብሮ ምግባር ኣይኮነን። ብኸምዚ ሓያላት ደቂ ኣንስትዮ ክንከውን ኣኽኢሉና እዩ።

*** ድሕሪ ታዕሊም ኣበይ ተመዲብኪ?**

ንሕና ኣብ ንምደበሉ ዝነበርና ግዜ ክፍልታት ይምስረት ነይሩ። ብዙሕ ሰብ ድማ ናብኡ ይውዛዕ ነይሩ። ካብኦም ብሓንሳብ ዝተመደብና ኣነ ዝርከበን 10 ደቂ ኣንስትዮ ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተመዲብና።

ኣብ ቦጦሎኒ - 6 ኣብ ሶሚናዊ ቀይሕ ባሕሪ እየ ተመዲበ። ኣብቲ መጀመርታ ዝጠዘሐ ንስርሖ ዝነበርና ስራሕ ኣስመራ ኣቲኻ ንሰውራ ዝኸውን ንብረት ምውጻእ ነይሩ። ኣብ ብዙሕ ኩናት ተሳቲፈ እየ። ኣብ 1977 ከረን ሓራ ንምግባር ዝተኻየደ ውግእን ኩናት ባጽዕን ኣብ 1978 ድማ ብምሉኡ እዚ ከባቢ ኣስመራ፡ ዓዲ መርዓዊ፡ ዓዲ ያቆብን ካልእ ቦታታትን ኣብ ዝተገበረ ውግኣት ተሳቲፈ።

*** ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ብፍላይ፡ ኣብ ቃልሲ ድማ ብሓፈሻ ከመይ ትገልጽዮ?**

ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ብጾተን ደቂ ተባዕትዮ ተዋጊአን እየን። ተራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ዓቢ እዩ። ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ይኹን ኣብ ክፍሊታት ኣብ ኩሉ ሰናፋት ኣይነበራን። ደቂ ኣንስትዮ ብጀካ እቲ ምውጋእ፡ ናይ ኣደነት ተራ እውን ይጻወታ ነይረን። ንብጾተን ኣብ ምእላይ ይነጥፋ ነይረን። ሰውራ ኤርትራ፡ ደቂ ኣንስትዮ እንተ ዘይሳተፍኦ ነይረን ኣይምተዓወተን። ከምቲ ሓንቲ ኣደ ኣብ ገዛ እንተዘየላ ህይወት እታ ስድራ ዘይምቑጽ ዝኸውን እዚ ከኣ ልክዕ ከምኡ እዩ። ኤትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ንሰውራ ኤርትራ ህይወት ሂበንኦ እየን። ብዘይ ናተን ተሳትፎ ሰውራ ክሰይድ ኣይምኸኣለን።

*** መዓስን ብኸመይን ኢኺ ተማሪኽኪ?**

ድሕሪ እዚ፡ ምስ ዓሰራይ ዙርያ ካድር ክመሃር ንኽቕፍ ምስ ከደኹ፡ ምዝላቕ ስለዝኾነ ትምህርተይ ኣቋሪጸ ናብ ኣሃዱይ ተመሊሰ። ትኽ ኢልና ኣብ ዒላበርዕድ ኣብ ዝነበረ ኩናት ኣቲና። ንብረት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ከረን ስለ ዝነበረ፡ እቲ ንብረት ብጸላኢ ከይተሓዝ ንመዓልታት ዝቐጸለ ከቢድ ምርብራብ ተኻይዱ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ድማ ብጦማ ኢድ ተሃሪመ ወዲቐ። ማህረምተይ ኣብ ኩብደይ፡ ኣፍልበይ ካልእ ብዙሕ ቦታን ነይሩ። ኣብዚ እየ ድማ ብወተሃደራት ጸላኢ ተማሪኸ። እቲ ግዜ 1979 ወርሒ ሓደ ነይሩ። ካብቲ ኾሮ ተሰኪሞምኒ ወሪዶም። ረዲኤት ከይተገበረለይ 30 ሰዓት ጸኒሐ። ኣብ መወዳእታ ኑቲ ኩናት ዝኸታተል ኮሎኔል ካብ ከረን መጺኡ፡ ንሆስፒታል ከረን ብሄሊኮፕተር ክወስዱኒ ኪሩዎም። ኣብ ሆስፒታል ከረን መጥባሕቲ ገይረ። እንተኾነ እቲ ኣካላተይ ረኺሱ ስለ ዝጸንሐ፡ ኩሉ እቲ ዝተሰብረ ኣካላተይ ተተኩሱ። ከምኡ ኢሉ ከለኹ ኑቲ ቁስሊ ጥራይ ሽፋፊኖም ብፋራት ንኣስመራ ሰዲዶምኒ።

ናብ ሆስፒታል ቃኘው ኣትየ። እቲ ሆስፒታል ናይ ወትሃደራት ደርግ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ምሩኻት ተጋደልቲ ኣብኡ ስለ ዝጸንሐ ንሳየም እየም ዝኣልዩኒን ዝሕከሙኒን ነይሮም። ኣብኡ ምስ ብጾተይ ዝተራኸብኩ ኮይኑ እዩ ተሰሚዑኒ። ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ ቃኘው ጸኒሐ።

*** ድሕሪኡ ናበይ ኢኺ ቀጺልኪ?**

ናይ ግድን ክእሰር ስለ ዝለዐ ንሓዝሓዝ ሰዲረ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሓዝሓዝ ምሳይ ሓዊሱካ 12 ምሩኻት ተጋደልቲ ደቂ ኣንስትዮ ነይርና። ድሒረን ኣብ ሓሙሻይ ወራር ዝተማረኻ 5 ደቂ ኣንስትዮ መጺኣናና። ጠቕላላ 17 ደቂ ኣንስትዮ ኴንና። ተጋደልቲ ስርሒት ኣካይዶም ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ከውጽኡና መደብ ነይሩ። እንተኾነ፡ እቲ ምስጢር ናብ ጸላኢ ስለ ዝበጽሐ፡ ሃንደበት ሓደ መዓልቲ ክዩውንትና ክንጥርንፍ ነይርምና። ብሞኪና ጽዒናም ናብ መዕርፎ ነፈርቲ ሓይሊ ኣየር ወሲዶምና። ካብኡ ብነፋሪት ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣለም በቃኝ - ኢትዮጵያ ወሲዶምና።

ካብ ስድራኻን ሰውራኻን ርሒቕካ ክትእሰር ከቢድ እዩ። ኣብ ኣለም በቃኝ እውን እቲ ናብራ ከቢድ ነይሩ። ፍርናሽ ከብርታ ኣይነበረናን። ብጀካ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ዝቐጸ ባኒ ካልእ ዝኾነ ነገር ኣይህቡናን እዮም። ባዕልኻ ጠቕዕካ ጠቓቒዕካ ገዛ ትሰርሕ። እቲ ኣብኡ ዝነበረ እሱር ኑቲ ዝነበረ ኩነታት ክቕይሮ ተበጊሱ። ክንመሃር ኣለና ብዝብል ሓሳብ፡ ኩሉ እቲ ኣብኡ ዝነበረ እሱር ገንዘብ እናኣዋጸአ ባዕልና ቤት ትምህርቲ ሰሪሕና። መምሃራን ካብና ገይርና ክንመሃር ጀሚርና። እቲ ቤት ትምህርቲ ግና ኣፍልጦ ዝተዋህቦ እዩ ነይሩ። ንሜዳ ክወጽእ ከለኹ ታሽዓይ ክፍሊ እየ ኣቋሪጸ ነይረ። ኣብኡ ድማ ታሽዓይ ኢለ ጀሚረ 12 ክፍሊ ወዲአ። ማትሪክ ገይረ፡ ድሕሪኡ ድማ ዓውዲ ስነ ሕሳብ ተማሂረ። እናተመሃርኩ ይምህር ነይረ።

ኣብ መወዳእታ ድሕሪ ናይ ትሽዓተ ዓመታት ማእሰርቲ ኣብ 1987 ተፈቲሐ ናብ ኣስመራ መጺአ። ኣብ ኣስመራ ብዙሕ ደስ ዝበለኒ ነገር ስለ ዘይነበረ ኮፍ ክብል ኣይከኣልኩን። ሓደ ዓመት ጸኒሐ ድማ እንደገና ንሜዳ ወጺአ። ኣብ እንዳ 72 ኣብ ክፍሊ ስሊያን ጸጥታን ተመዲበ። ክሳብ ናጽነት ኣብኡ ጸኒሐ።

*** ዳርጋ ድሕሪ ከባቢ 10 ዓመት ኢኺ ንሜዳ ተመሊስኪ፡ እንታይ ለውጢ ጸኒሑኪ?**

ብዙሕ ለውጢ ጸኒሑኒ። ኣነ ከለኹ መርዓ ይኹን ምውላድ ኣይነበረን። ተፈቒዱ ነይሩ ግብራዊ ግዳ ኣይኮነን ነይሩ። ክሳብ ኣነ ዝነበርኩሉ ግዜ ደፊሩ ዝምድና ዝገብር ሰብ ኣይነበረን። ድሕሪ 10 ዓመት ንሜዳ ምስ ተመለስኩ ግዳ ተጋደልቲ ቈልዑ ሓዚለን ክርኢ ከለኹ ደስ ይብለኒ ነይሩ ... ህዝባዊ ግንባር ኣብ ከምኡ ደረጃ ምብጽሑ ኣሐጉሱኒ።

*** ድሕሪ ናጽነት ኣበይ ኢኺ ተመዲብኪ?**

ድሕሪ ናጽነት ክሳብ 1992 ምስ ኣሃዱይ እንዳ 72 ነይረ። ኣብ 1992 ግና ናይ ኩለን ወከልቲ ሃማደኤ ጉባኤ ተኻይዱ። ኣነ ድማ ንኣሃዱይ ወኪለ ተሳቲፈ። ኣባል ማእከላይ ባይቶ ሃማደኤ ኮይነ ተመሪጸ። ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ኣሃዱይ ፍርቂ መዓልቲ ድማ ኣብኡ ይሰርሕ ነይረ። ደሓር ግዳ ጠቕሊለ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሃማደኤ ክሰርሕ ጀሚረ። ክሳብ ሕጂ ድማ ንከባቢ 23 ዓመታት ከም ኣማኻሪት ሕጊ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኮይነ ሰሪሐ። ንደቂ ኣንስትዮ ኀይሊ ንምግባር ዳርጋ ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ተንቀሳቒስና ኣለና።

*** ብዛዕባ እዛ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝጸሓፍክያ መጽሓፍኪ ኣዕልልና?**

ኣርእስቲ ናይ’ታ መጽሓፍ “ሜዳ ኣለም በቃኝ ሜዳ” ኢያ እትብል። ቅድሚ ሸውዓተ ወርሒ ኢያ ናብ ኢድ ኣንበብቲ በጺሓ። ኣብዛ መጽሓፍ ዘሎ ታሪኽ ናተይ ታሪኽ ጥራይ ኣይኮነን፡ ናይ ብዙሓት ተጋደልቲ ታሪኽ እውን ኣብኡ ሰፊሩ ኣሎ።

*** ኣብ መወዳእታ ብምኽንያት መበል 32 ዓመት በዓል ናጽነት ከተሕልፍዮ እትደልዪ መልእኽቲ?**

ናጽነት ኤርትራ ብሓቀኛ መስዋእቲን ሓቀኛ መሪሕነትን እያ መጺኣ። ኤርትራ ብብዙሕ መስዋእቲ ዝመጸት ሃገር ኢያ። መስዋእቲ ክንብል ከለና ምእንቲ ሃገርካ ቦኽ ምሕላፍ ጥራይ ኣይኮነን፡ ናይ ግዜ መስዋእቲ፡ ዕድላት፡ ናይ ዕድመ መስዋእቲን እውን ተኸፊሉላ እዩ። ከምዚ ገይርካ እውን ምፍሻል እኮ ነይሩ እዩ፡ ሳላ ቅኑዕ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ግዱ ክንዕወት ክኢልና። ስለዚ ነዛ ክንዲ’ዚ መስዋእቲ ዝተኸፍለላ ናጽነት ክንሕልዋን ብሓላፍነት ክንሰርሓን ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነትን ግቡእን እዩ። እንቋዕ ናብ መበል 32 ዓመት መዓልቲ ናጽነትና ኣብቅዓና።





ኣብርሀት ምስ ሰድራ ቤታ

# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ሃገራትን ናጽነተንን

ብሃገር ደረጃ ሓንቲ ካብ መግዛእታዊ ስርዓት ናጻ ዝኾነት ሃገር ብፍሉይ እተኽብሮ ሃገራዊ ሓርነት ኣሎዋ። በዚ ምኽንያት ዜጋታት ናይታ ሃገር ምስ ታሪኸን ባህሎምን ብምትእስሳር ናጽነቶም ከኽብሩ ደረኣዩ። እቲ ንኽብሪ እታ ዕለት ተባሂሉ ዝካየድ መሰናድኦታት ካብ ሃገር ናብ ሃገር ክፈላለ እዩ ዝርኣ። እዚ ድማ ታሪኽ፡ ባህሊ፡ ኣመጻጽኣ ሃገርን ህዝባን ኣብዛ



ዓለም ዝተፈልየ ድሕረ ባይታ ከምዝለዎ ከረድኣና ስለዝደለየ እዩ።

ምደባት ከዳልዉ እዮም ዝቐንዩ። እዚ ድማ ንታ ዕለት ዘለዎም ክብሪ ንምንጽብራቕ ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ናይታ ሃገር ብዝተዋጽኡ ስነጥበባውያን ዝፈረዩ ባህላዊን ታሪኻዊን ምርኢት ምድላዋቶም የጻፉፉ። እዛ ሃገር ካብ ግዝኣት እንግሊዝ ናጻ ዝወጸት ኩይና፡ ኣብዛ

ዕለት እቲ ኣሰታት ወርሒ ዝወሰደ ምድላዋት ክፃበረሉ ዝቐጸለ ጽምብል፡ ፕረዚደንት እታ ሃገር ብዘቕርቦ መደረ እዩ መጎረጃኡ ዝኸፍት። እቲ ብቐጥታ ዝቐርብ መደረ ከኣ ብኹለን ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ከምዝፍኖ ይግበር። ብዘይካ'ዚ፡ ሚኒስተራት፡ ፖሊስ

### ናይጀርያ

ቀዳማይ ሓደ ጥቅምቲ ናይጀርያውያን ዕለተ ናጽነት ሃገሮም ንምጽምባል ዝተፈላለዩ ናይጀርያ፡ ጉዳያት ወጻኢ፡ ሰራሕተኛታት ከምኡ'ውን ትምህርቲን ዝርከብዎም ሓለፍቲ ሚኒስትሪታት ኣበርቲ ጽምብል ክርከቡ ግድነት እዩ።

ንኽብሪ ናጽነት ናይጀርያ፡ ኩለን ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ናይታ ሃገር ዕጹዋት ኮይነን ይውዕላ። ኣብ ዝቐጽላ መዓልታት ግና ናብ ንቡር ስራሐን ይምለሳ። እቲ ናይ ምጽምባል ስነስርዓት ካብ ርእሰ ከተማ እታ ሃገር ሓሊፉ ክሳብ ዝኣሰት ቁሸት ዝካየድ ኮይኑ ብባህላዊ ሳዕስዒት ደሚቑ ይውዕል።

### ጋና

ዕለተ ናጽነት ሃገረ ጋና፡ ኑቲ ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ኤውሮጳውያን ሓይለታት ንምውጻእ ዝገበርዎ ቃልሲ ዘንጸባርቕ ትሕዝቶታት ብዘለዎ ምድላዋት እዩ ዝካየድ። እዛ ኣብ 6 መጋቢት 1957 ሓርነታ ዝኣወጀት ጋና፡ ንታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ናጽነታ ዘርኢ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ናይ መዚቃ ምርኢት ከምኡ'ውን ማራኺ ትርኢት ብዘለዎ ኣርቲፊሻል ሓዊ ዘጠቓለለ ጽምብል ተካይዱ።

ዜጋታት ጋና ሂፕሆፕ ተባሂሉ ዝፍለጥ ሳዕስዒትን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝውቱር ዝኾነ ባህላዊ ሳዕስዒትን ምርኩስ ዝገበረ ደሙቕ ጽምብል'ውን የካይዱ እዮም። እዚ መበዝሕትኡ ግዜ ኣብ ገማግም ባሕሪ ብዝኹበር ህዝቢ ጥራይ ዝካየድ ኮይኑ፡ ኣብ'ዛ ዕለት ንድምቀት እቲ ጽምብል ተወሳኺ ድምቀት ካብ ዝህብ ንጥፈት እዩ። ብተወሳኺ ኣብ'ዝም ህዝቢ ዘይኮነ ኣብ ካልእ ከባቢታ ናይታ ሃገር ዝካየድ ጽምብል ሻማ ፍሉጥ ውድድር ረጋታ ይካየድ። ብዘይካ'ዚ ዕዱማት ፕረዚደንታት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ናብዛ ሃገር ብምምጻእ ኣብ ዕለተ ናጽነት መደረ ከስምዑ ይረኣዩ እዮም። እዚ ድማ ንርዝነት እታ ዕለት ዝወቅል ጽምብል ተባሂሉ ስለ ዝነገረሉ እዩ።

### ፈረንሳ

ፈረንሳውያን ዓመት መጸ ካብ ጨቋኒ ንጉሳዊ ምልኪ ስርዓት ዝተገላገልሉ 14 ሓምለ 'ባስቲል' ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝኽሪ ይጽምብሉ። እቲ ጽምብል፡ ኣብ ሻምፕዮንስኤሊዚ ዝበሃል ቦታ ብወተሃደራዊ ሰልፊ ይጅመር። እዚ ብፍሉይ ጥራይ ይካየድ ከምዝበረ ዝነገረሉ ወተሃደራዊ ሰልፊን ምረሻን ኣብ ፈረንሳ ከምዝተጀመረ እዩ ዝሕበር። በዚ መሰረት፡ ልምዲ ናይ'ዚ ሎሚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ንዝኽሪ በዓል ናጽነተን ንምጽምባል ዓመታዊ ከም ቀዳማይ ንጥፈታተን ክጥቀማሉ ከምዝረኣያ ይእመን።

ዝኽሪ ናጽነት ፈረንሳ ወትሩ ኣብዛ ዝተጠቕሰት ዕለት ዝጽምበል እዩ። በዚ ማሰረት ብቑጽሪ ሐደት ዘይኮኑ ወተሃደራት ዝሳተፍዎ ሰልፊ፡ ነበልባል ኣርቲፊሻላዊ ስርሓት ሓዊ፡ ባህላዊ፡ ታሪኻውን መዚቃውን ምርኢት ብቐጥታ ካብ ዝካየዱ ንጥፈታት ጽምብል ዕለተ ናጽነት እዛ ሃገር እዮም። ብዘይካ'ዚ ኑቲ ኣብ 1789 ዝተኻየደ



ወተሃደራዊ ሰልፊ ንምዝካር ዕላማ ዝገበረ ዝተፈላለዩ መሰናድኦታት ይካየድ እዩ።

### ህንዲ

15 ነሓሰ 1947 ንሰለስተ ዘመን ዝወሰደ ምሕደራ እንግሊዝ ኣብ ልዕሊ ህንዲ ዝበቐዐሉ እዋን እዩ። ህንዳውያን ካብ'ቲ ከቢድን ጨቋኒን ግዝኣት ዝበገሶ ምምሕዳር እንግሊዝ ናጻ ካብ ዝወጽኡሉ ንደሓር ንበዓል ናጽነቶም ዓመታዊ ብኽብ ዝበለ ስነስርዓት ከምዝጽምብሉ ይንገር። እቲ ካብ ኣእምሮ ነፍሲ-ወከፍ ህንዳዊ ዘይሃስስ ምኳኑ ዝእመነሉ መግዛእቲ ንምዝካር ድማ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ዜጋታት ካብ ስድራቤት ክሳብ ብሃገር ደረጃ ዝካየድ ሰፊሕ ዝኽሪ ይካየድ። በዚ መሰረት ጥንዲራ እዛ ሃገር ኣብ ኩሉ ከባቢታት ከተንበልብል ትውዕል። ጽምብል ናጽነት ህንዲ

ዓመታዊ ብዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ብቐጥታ 'ቀይሕ ዕርዲ' ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕ ቦታ ካብ ኒውደልሂ ብዝፍኖ መደብ እዩ ዝፍለም።

ጽምብል ናጽነት ሃገረ ህንዲ ካብ ካልኦት ጽምብላት ፍልይ ዝበሎ ረቛሒ ኣይተሰኣናን። ኣብ'ዛ ዝተጠቕሰት መዓልቲ ህንዳውያን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ኣብ መጻወድያ ዘእተውዎም ለሎ ሐዞም ብምምጻእ ከበርርዎም እዮም ዝፍትኑ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ ለሎ ካብ ኣደካ ምብራር ማለት ትእምርቲ ናጽነት እዩ ዝብል ትርጉም ስለ ዘለዎ እዩ። ስለዚ ኣብ 15 ነሓሰ ብርክት ዝበሉ ለሎታት ካብ ኣእዳው ህንዳውያን ናብ ሰማያት ህንዲ ክበሩ ይውዕሉ። ህንዳውያን ኣዚ ንምግባር ኣብ በረኽቲ ቦታታትን ናሕስታትን ክድይቡ ይግደዱ። ገለ ለሎ ክሕዙ ዘይከኣሉ ህንዳውያን ድማ ብተምሳል ለሎ ዝተሰርሑ ዒምቢላታት ናብ ሰማይ ብምስንዳው ማዕረ ሰጦ ተኻፊልቲ እቲ ጽምብል ክኾኑ ይረኣዩ።



## መዓልቲ ናጽነት መዓልቲ ትውልዲ ሃገር

ሃገራዊ መዓልቲ ናይ ሓንቲ ሃገር ካብ ካልኦት ዕለታት ዝርቀሓሉ ቀንዲን መሰረታዊን ረቛሒ ኣሎዎ። ንሱ ከኣ ዕለተ ሓርነት ናይታ ሃገር ምስ ዝኾነውን እዩ። እዚ ሃገራዊ መዓልቲ ጽምብል ናይታ ሃገር ድማ ኣብ ምምእዛን ከምኡ'ውን ምምስራት ሃገራውነት ወሳኒ ተራ ኣሎዎ። በዚ ምኽንያት ከይተሰ ኣይተርፍን፡ "ሃገራውነት ወትሩ ተምሳል ዕለተ ናጽነት" እናተባህለ ክግለጽ ዝጸንሐ። እዚ ምርኩስ ብምግባር ብዙሓት ዜጋታት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብዚ ዕለተ ሓርነት ዝኾነት መዓልቲ ሃገራውነቶም ብጥምር መልክዕ ንምንጽብራቕ ኣብ ቅርዓት ናይታ ዕለት ሓቢሮም ዝውዕሉ። ሃገራዊ መዓልቲ ብዝተዘዋወሪ እንክግለጽ፡ ዕለተ ትውልዲ ናይ ሓንቲ ሃገር የመልክት። በዚ ድማ ዓመታዊ ብኽብ ዝበለ ጽምብል ክበዓል ይኽእል።

ኣብ'ዛ 196 ሃገራት ዝሓቘፈት ዓለምና፡ ሃገራት ንታሪኻዊ ድሕረ ባይታአንን ዕለተ ናጽነተንን ዘንጸባርቑ ዝተፈላለዩ መሰናድኦታት ብምድላው ደሙቕ ንጥፈታት ከካይዳ ይረኣያ እየን። ገለ ሃገራት ናጽነተን ካብተን ዝገዝኣአን ዝነበራ ሃገራት ብሰላማዊ መልክዕ ክወሰዳ እንከለዋ፡ ገለን ድማ ዕጥቃዊ ቃልሲ ሰሪተ ዝገበራ፡ ብኸቢድ መስዋእቲ ዜጋታተን ናጽነተን ዕላዊ ዝገበራ እየን። ካብዚ ፍልይ ዝበለ ፈጺመን ዕለተ ናጽነት ዘይብለን ሃገራት እውን ኣለዋ። እዚአን መብዝሕትአን ዕለተ ናጽነት ክህልወን ዘይተፈቕደለን ዘይኮናስ፡ ብዘኾነት ባዕዳዊት ሃገር ስለ ዘይተገዝኣን ሓለንጊ ባዕዳዊ ስርዓታት ዘየራኸበለንን እየን።

ዕለተ ናጽነት ሃገራት ብመንጽር ኣመጻጽእኡ መጠን ዝፈለለ ዋላ እኳ ይኹን፡ እተን ዕለተ ትውልዲ ዘለወን ሃገራት ግና ንታሪኸን ዘንጸባርቕ ምድላዋት ብምግባር ክጽምብላአ ይረኣያ እየን። ብምኽንያት መበል 32 ጽምብል ዕለተ ናጽነት ኤርትራ እምበኣር ሐደት ሃገራት መን ካብ መን ናጽነተን ረኺበን ዝድህስስ ጽሑፍ ይቐጽል፦

- ኣፍጋኒስታን 19 ነሓሰ 1919 ካብ ዓባይ ብሪጣንያ
- ኣልባንያ 28 ሕዳር 1912 ካብ ዖማን
- ኣንጎላ 11 ሕዳር 1975 ካብ ፖርቱጋል
- ኣርጀንቲና 9 ሓምለ 1816 ካብ ስጳኛ
- ኣርመንያ 21 መስከረም 1991 ካብ ሕብረት ሶቭየት
- ኣዘርባጃን 18 ጥቅምቲ 1991 ካብ ሕብረት ሶቬት
- ቤልጅየም 21 ሓምለ 1831 ካብ ነዘርላንድስ
- ቦሊቭያ 6 ነሓሰ 1825 ካብ ስጳኛ
- ቦትስዋና 30 መስከረም 1966 ካብ ዓባይ ብሪጣንያ
- ብራዚል 7 መስከረም 1822 ካብ ፖርቱጋል

## ጥቕስታት ናጽነት

"እንተፈቲኻ ሓርነትካ ረግጦ። ኣብ ልዕሊ ናጽነት ኣእምሮይ ከተዋድዶ እትኽእል በሪ፡ መሸጎርን ሃጓረን ግን የሎን"

- ቨርጂንያ ዎልፍ

"እቲ እንኮ ሓቀኛ ቤት ማሕበስ ፍርሒ እዩ። ካብ ፍርሒ ናጻ ንምኳን ድማ፡ እቲ እንኮ ሓቀኛ ናጽነት እዩ።

- ኣዉንግ ሳን ሱ ኪ.

"ህይወት ብዘይ ሓርነት፡ ልክዕ ከም'ቲ መንፈስ ዘይብሉ ኣካል'ዩ"

ካሊል ጂብራን

"ናጽነት ዝወሃበና ዘይኮነ፡ ብዓወት እነምጽኦ እዩ"

ጸለም ኣመሪካዊ ኣሳ ፊሊፕ ራንዶልፍ

"ናጽነት ብፍጹም ብወለንታ ጨቋኒ ትውሃብ ኣይኮነትን፡ ብውጹዓት ክትጥለብ ኣለዋ"

ማርቲን ሉተር ኪንግ ጁኒየር

"ምስ ምሉእ ሓርነት ኣህጉር ኣፍሪቃ እንተዘይተጣሚሩ፡ ናጽነት ጋና ትርጉም የብሉን"

ክዋመ ንክሩማህ

## ኣብ ወርሒ ግንቦት ዕለተ ናጽነተን ዝረኸባ ሃገራት

- 4 ግንቦት ላቲቭያ
- 9 ግንቦት ሮማንያ
- 15 ግንቦት እስራኤል
- 15 ግንቦት ፓራጓይ
- 17 ግንቦት ኖርወይ
- 24 ግንቦት ኤርትራ
- 25 ግንቦት ጆርዳን
- 26 ግንቦት ጆርጅያ
- 26 ግንቦት ጉያና
- 28 ግንቦት ኣርመንያ

## ዕለተ ናጽነት ዘይብለን ሃገራት

ዕለተ ናጽነት ዘይብለን ተባሂለን ዝጥቀሳ ሃገራት ባዕዳዊ ስርዓት ኢዱ ዘየንበረለን ኮይነን ብመስፍንነት ንዘመናት ተሓዲረን ዝነበራ እየን። እንተኾነ ካብዚ ስርዓታት ዝተገላገላሉ ሃገራዊ መዓልቲ ዘለወን እየን። ገለ ካብዚአን፦

### ኔፓል

ኣብ ኔፓል መዓልቲ ናጽነት የለን። እዚ ዝኾነሉ ከኣ፡ ዘይከም ካልኦት ሃገራት ንኔፓል ዝወረረት ሃገር ስለዘየላ እዩ። ኔፓል ብጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ንእሽቶ እኳ እንተኾነት፡ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዋ ውሑዳት ብባዕዳዊ ህዝቢ መግዛእቲ ዘይተገበረለን ሃገራት ሓንቲ እያ። ኔፓል ልኡላዊት ሃገር ኮይና፡ ኣብቲ ህንዲ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ብሪጣንያ ዝነበረትሉ ግዜ፡ ንምምሕዳር ህንዲ ከም ቀንዲ ማስመር መሳለጥያታቱ ኮይና ከምዘገልገለት መዛግብቲ የረድኡ።

### ዴንማርክ

ዴንማርክ መዓልቲ ናጽነት ዘይተብዕል ሃገር እያ። ምኽንያቱ ብዘኾነት ሃገር ስለዘይተታሕዘት።

### ታይላንድ

ታይላንድ ኣብ 19 ዘመን መብዝሕትኡ ክፋል ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ ብዝኤያዊ ሓይልታት ኣብ ዝተገዝኣሉ እዋን፡ ናጻ ሃገር ኮይና እያ ጸኒሓ። እዛ ሃገር ክሳብ ሎሚ ተወሪራ ስለ ዘይትፈልጥ፡ ንናጽነታ ዝተቓለሰትሉ ግዜ የለን። ይኹን እምበር ሃገራዊ መዓልቲ ታይላንድ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ብኽብ ዝበለ ድምቀት ይኽበር።

### ካናዳ

ካናዳ መዓልቲ ናጽነት የብላን፣ የግዳ ብ1 ሓምለ መዓልቲ ካናዳ ተብዕል።

### ሩስያ

ሩስያ ሓንቲ ካብተን ኣርዑት መግዛእቲ ዘይሓለፈን ሃገራት እያ። ካብ 1922 ክሳብ 1991 ንመብዝሕትኡ ክፋል የሮኤስያ ዘጠቓልል ኣህጉር ድማ ሓቒፉ ትገዝእ ነይራ። ሶቭየት ሕብረት ናብ ብዙሓት ሃገራት ምስ ተበታተነት ግን ሩስያ ፍልይቲ ሃገር ኮይና ትቕጽል ኣላ።

# ካብዝን ካብትን

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## መንእሰይን ናጽነትን

ናጽነት እናኸትለዓል መንእሰይ ከይተዘከረ ኣይሓልፍን እዩ። ከመይሲ መንእሰይን ናጽነትን ክልተ መከዋውንቲ - እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ዘመልክዕን ዘርብሕን ምኳኑ ዘይከሓድ ሓቂ ስለ ዝኾነ። ናጽነት ኣብ ደም መንእሰይ እትዓኩኽ ብቓልሲ መንእሰይ እትቐውም እያ። ህይወት መንእሰይ እንተ ርኢና ኸኣ ኣብ ህላወ ናጽነት እዩ ዝያዳ ጣዕምን መቐረትን ዝህልዎ። ናጽነት ኣብ ምድላይ እቲ ቐንዲ ተዋሳኢ መንእሰይ'ዩ። ንምውሓሰ'ውን እንተኾነ ከምኡ። ኣንጻር ጸላእቲ ዝገጥም፡ ግዝኣቱ ዝመልሰን ካብ ጉዝኣቲ ዝከላኸልን ብዝበዝሐ ቀጻሪ መንእሰይ ስለ ዝውዕሎ፡ ቀንዲ ተሓላቒ ከም ዕድመ ብርኩ መንእሰይ እዩ። ብኣውራኡ'ውን መንእሰይ ወረሱ ዘውርስ፡ ካብ ቅድሚኡ ንዝተቐበሎ ናብ ድሕሪኡ ታሪኽ ዘውርስ፡ ታሪኽ ከየበተኸ ከረክብ ግዴታ ስለ ዘለዎን ብታሪኽ ስለ ዝሕተትን፡ እዚ ዘሎ መንእሰይ ሓላፍነቱ ፈሊጡ ከሉ ዝግበር ይገብር ኣሎ።

ኣብ ህላወ ናጽነት'ውን፡ ብዘይካ እቲ ኣስተርሐኻ ምንባር ካብ ዘሎ ጸጋ ናጽነት፡ ቀንዲ ተረባሒ መንእሰይ እዩ። ናጽነት እንተሎ ምዕባለ ክቀላቐል ግድን እዩ። እቲ ምሉእ ናይ ስራሕ ተኽታፍነት ዝህልዎ መንእሰይ፡ ካብቲ ምዕባለ ብዓብኡ እዩ ዝቕደስ። ብመንጽር ናጽነት ኣብ ዘይትህልወሉ እዋን እቲ ቐንዲ ግዳይ መንእሰይ ይኸውን። ምኽንያቱ ቀንዲ ናይ ጸላኢ ዒላማ መንእሰይ'ዩ። መንእሰይ ብዓይኒ ጥርጣረ ይጥመት፡ ጥርናፈኡ ኣይፍቶን። ጸላኢ ኸኣ ሓንጎሉ ደስኪሉን ለሚሱን ዝምቡዕ ታሪኽ ሐዘ ክነብር እዩ ዝደልዮ ንመንእሰይ። እንተኾነ መንእሰይ እቲ ውሽጣዊ ደፋኢ ሓይሊ ዘውንን ሃገራውነት ዝሰረጸን ምምብርኻኽ ዘይውሓጠሉን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ውሽጢ ጉዝኣቲ'ውን ይሃሉ ነፍሱን ነፍሲ ሕብረተሰቡን ብዓብኡ ሃገሩ ናጻ ንምውጻእ ደቂሱ ኣይሓድርን እዩ። ኩሉ ግዜ ከኣ ንሱ ክፍንጽግ ጸላኢ ክጸሞቒ ናሕ መንእሰይ ኣብ ውሽጢ ጉዝኣቲ ብምእታው ሓርነት ንምርካብ እትውፈ ምኳና ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘበርሆ ሓቒ'ዩ። ብጉዝኣ ናሑ ንናጽነት ዘድምቕ ኩሉ ወገኑ ቀሲኑ ይነብር። ካብ ጣዕሚ ናጽነት ከኣ ኩሉ ብፍስሃን ሓጎስን ይቋደስ። እንቋዕ ኣብዚ ኣብቀዓና።

ቅያታት መንእሰያት ኤርትራ ዘይምነዉ ዝዙብሮም ብዮዙብራዊ ተወፋይነት ዝተረጋገጸ



መዳርግቲ ዘይብሉ ወለንታውነት መንእሰያትና እዩ። ከምቲ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ዝተገልጸ ብዮዙብሪ'ውን ዝተረጋገጸ ሓይሊ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ዝተረቓቐ ኣጸዋራትን መሳለጥያታትን ወይ ብጽግዒ ሓያላን ዓለምና ዘይኮነ ካብ ልቢ ወለንታውያን መንእሰያት ዝዝሪዩ ነይሩ። እዚ ብገዝኡብ ይኹን ብልግሲ ክርከብ ዘይክእል ብልጫ ንኤርትራ መመለሱ ዓወት ከገናጽፉ ክኢሉ'ዩ። ሓደ ዕማም ክዕወት እንተ ኾይኑ ቅድሚ ኩሉ ዘድልዮ ነገር ምሉእ እምነትን ቅሩብነትን ናይ'ቶም ነቲ ዕማም ዝተረቐሐ ተሳተፍቲ እዩ። መንእሰያት ማእከል ስሕበት ለውጢ ከም ምኳኖም፡ ንእንደልዮም ለውጥታት ወለንታውነቶም ዘዮማትእ ወሰ ተራ ኣለዎ። ከምቲ ኣብ እዋን ቃልሲ ዝተማሳከረ፡ ኣብ'ዚ ከለንተናዊ ህንጸት ዘድልየና ግዜ'ውን ብዘይ ግዲ እዚ ረቋሒ ክርከብ ዝኽእል ዓወት ከም ዘየለ ተረጋግጾ'ዩ። ንመጻኢ ዝጸበዩና ብድህሪታት'ውን ልቢ ውፉያት መንእሰያት እዩ እቲ መልሱ።

እዛ ብኣዝዩ ዓቢ ዋጋ ዝመጸኣት ናጽነት ዓቢ ትርጉም እዩ ዘለዋ። ትርጉም ናጽነት፡ ነቲ ናጽነት ከብርኽ ዝኽእል ለዋጢ መንእሰይ ግዜ እዩ። ግዜ ከበልዎ ዝኽእሉ ረቛሒታት ከኣ ንምምጻኡ ምሉእ ብቕዓትን ተወፋይነት ዘበርክት ንሱ እዩ። በዚ መንጽር ትርጉሙ ክረአ እንክሎ፡ ንዝሾኹ መንእሰይ ኣመና ረቂቕ ትርጉምን መልእኽትን ኣለዎ። ብቐንዱ ናጽነት ዝለዓለ ተሓታትነት ምስኮም እዩ። ዝያዳ ናጽነት ዘለዎ ዝያዳ ሓላፍነት ይስከም ወይ የልዕል። ስለዚ ናጽነት ናይ ጉዝኣ ርእሱ ሪዚን ሰኽም ኣለዎ። ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም ዝቐመጥ ሕብረተሰብ ኮነ ውልቀ-ሰብ ናጽነት ክጠልብ ወይ ንናጽነት ክቃለስ እንክሎ ኣብ መጻኢ ህይወቱ ዝለዓለ ሓላፍነት ክስከም ምኳኑ ይፈልጥ እዩ። ብኣውራኡ ናጽነት ምስ ዝሓተቶ ክቡር ዋጋ፡ ዝለዎ ጽንዑ ሓላፍነት ኣብ ህይወት ደቂ-ሰብ ተባሂግን ውጽኢታውን ዝኾነ ዝለዓለ ኣፍደገታት ሕጉስ ህይወት ዝኸፍት ምኳኑ እዩ። ብፍሉይ ብዓይኒ ኤርትራውያን ጠሚትካ ትርጉም ናጽነት እዚን እትን ኢልካ ነጺልካ መግለጺ ክትህቦ ኣይከኣልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ንምምጻእ ዝሰገሮም ብድህሪታት እናኸዘከርዎ መሪርን ኣሰካሕካሕን ፍጻመ ዝሓቘፉ እዮም።

ስለዚ ትርጉም ናጽነት ነቲ ናይ ትማሊ መንእሰይ ናይ ሎሚ ኣቦ (ተጋዳላይ) ትንፋስ ክኾውን እንክሎ፡ ዝያዳኡ ዚ ናይ ሎሚ መንእሰይ ድማ ኩሉ እዩ። ምኽንያቱ ክማሃር፡ ክምህዘ፡ ክመራመር፡ ክምክት፡ ሃገር ክሃንጽ፡ ታሪኹ ክድምቕ፡ ርህው ባይታ ክገጽፍ ... ጽንዑ ሰረት ዘቐመጠ ፍረ ትውፊት ተጋዳላይ ስለ ዝኾነ። ንትርጉምን ኣድላይነትን ናጽነት ንምግንዛብ ሕሉፍ መግዛእቲ ምዝኻር ወሳኒ እዩ። ፍልልይ መግዛእትን ናጽነትን ከኣ፡ ብፍልልይ ብርሃንን ጸልማትን ክንጥምቶ ንኽእል።

በዚ መንጽር ናጽነትና ንምግንጻፍ ብግዜ ነዊሕ፡ ዝሓተቶ ዋጋ ክቡር ብምኳኑ፡ ትርጉም ናጽነት ኤርትራ ኣብዚ ርህው ዘመን ኳንካ ክትርእዮ ዝያዳ ይዓምቐን ይሰፍሕን። ናጽነት እትደልዮ'ውን ነቲ ብረዚን ዋጋ ዝመጽአ ክቡር ዋጋ ክዕቀበን ክደምቕን እዩ። ስለዚ ካብ መዝገብቲ ታሪኽና ተበጊስና፡ ናጽነትና ጽላል ብምግባር ብልሳን ናጽነት ብዙሕ ክንሰርሕ ኣዘኻኽር። የሃና ንኹሉ ናጽነት ዘምጽኣን ዘውሓሰን መንእሰይን ምሉእ ህዝቢ ኤርትራን።



## ኣብ 1993 ብወግዒ ናጽነተን ዝኣወጃ ሃገራት

ኣብ 1993፡ ምስ ሃገርና ኤርትራ ብወግዒ ናጽነተን ዝረኸባ ሃገራት እዘን ዝስዕባ እየን።

ቸክ ረፓብሊክን ስሎቫኪያን - ንሓያሎ ዓመታት ቸክ ረፓብሊክን ስሎቫኪያን ሓቢረን ቸኮዝሎቫኪያ እትብሃል ሃገር ኣቝመን እየን ዝመሓደራ ዝነበራ። ምስ ምውዳቕ ሕብረት ሶቭየት ነበር፡ ብሰንኪ ኣብቲ ዞባ እተኻዕለ ናዕቢ፡ ኣብ 1990 ክልቲአን ሃገራት ናጻ ምርጫ ክካየድ ወሰና። ኣብ 1993 ቸክ ረፓብሊክን ስሎቫኪያን እተባህላ ክልተ ሃገራት ከም እተመስረታ ድማ ብወግዒ ንዓለም ኣፍለጣ።

ሞናኮ

ኣብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ሓደ እዋን፡ ምስ ኤርትራ ጥንዴራኣ ዘንበልበለት ሃገር እያ። ኤርትራ ኣብ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት መበል 182 ጥንዴራኣ ዝሰቐለት ሃገር ክትከውን እንከላ፡ ሞናኮ ድማ መበል 183 ኮይና።

## ካብ ወርሒ ግንቦት ኣብ ታሪኽ ኤርትራ

2 ግንቦት 1889............ ምትሓዝ ከረን ብኢጣልያውያን።

4 ግንቦት 1988............ ደርግ 50 ምሩኻት ተጋደልቲን ናይ ፖለቲካ እሱራትን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ማርያም ግምቢ ሰምበልን ረሸኑ።

5 ግንቦት 1977............... ምሕራር ተሰነይ።

ኣዋጅ ወጺኡ።

8 -11 ግንቦት 1978............ ቀዳማይ ጉባኤ ሃ.ማ.ተ.ኤ።

12 ግንቦት 1988........... ግፍዕታት ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ሸዕብ።

15 ግንቦት 1995........... ሓርበኛ ኣቦና ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ዓሪፎም።

19 ግንቦት 1991 ............... ምፍራስ ግንባር ደቀምሓረ 19-21።

21 ግንቦት 1984........... ቀዳማይ ስርሒት ኮማንዶ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ 33 ነፈርቲ ኣቃጺሉ።

24 ግንቦት 1991............ መዓልቲ ሓርነት ኤርትራ።

27 ግንቦት 1990 ............... ሻሙናይ ደብዳብ ነፈርቲ ኣብ ባጽዕ።

28 ግንቦት 1962 ............ መስዋእቲ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ።

## ጥቕስታት ናጽነት

- “እቶም ናጽነት ዘምጽኡልና፡ ናጽነት ምስጢር ናይ ሓጎስ፡ ትብዓት ከኣ ምስጢር ናይ ናጽነት ምኳኑ ይኣምኑ ነይሮም።” - ሉዊስ ዲብራንደይስ
- “ናጽነት ኩሉ ግዜ ካብ ዋናታታ'ያ እትመጽእ፡ ታሪኽ ናጽነት ከኣ ታሪኽ ተጻዋርነት እዩ።” - ዊድሮው ዊልሰ
- “ናጽነት ህይወታ ኣብ ልቢ፡ ስራሕን መንፈስን ደቂ ሰብ'ዩ። ስለዚ ከኣ ኩሉ ግዜ ክትህሉን ክትሕደስን ኣለዋ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ልክዕ ከምታ ህይወት ክሁብዋ ካብ ዝኽእሉ ሰራውር ዝተማሕወት ተኽሊ ክትቅምስልን ክትመውትን ኢያ።” - ድወይት ኣይዘንሃወር
- “ናጽነት እንተ ደኣ ዘይሃልዩኻ፡ መሬት፡ ህይወት፡ ወይ ካልእት ንምንታይ ክጠቕሙኻ? ፋይዳ የብሎምን።” - ራፍል ዋልዶ ኤመርሰን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: HME Drill Mechanic**
   **Department: HME Maintenance**
   **Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**
- Responsible for mechanical activities to maintain and or repair Drill Rigs.

**Task description expanded to core performance areas**
**Planning**
- Follows the "Planned Maintenance Schedule".

**Implementation of the Plan**
- Identify the highest priority for each day and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping.
- Carries out actual maintenance and repairs of Drill Rigs in an efficient and effective way in order to minimise downtime.
- Performs regular inspections in order to detect potential problems before they cause breakdowns.
- Minimises downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the work place, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the work place.
- Conducts preventative maintenance on the Drill Rigs by checking engines; motors; pneumatics; hydraulic systems by following diagrams, sketches, operation manuals, manufacturer's instructions and engineering specifications. Troubleshooting malfunctions.
- Carries out "Fault finding" by using precision measuring and testing instruments.
- Removes defective parts by using hoists, cranes and hand and power tools. Examines form and texture of parts to determine causes of failure.
- Determines changes in dimensional requirements of parts by using rulers; callipers; micrometres; and other measuring instruments.
- Understands and is familiar with basic hydraulic systems.
- Attends technical and other training as required by supervisor.

**Writing Reports & Data Control**
- Compile daily; progress reports as requested

| Qualifications | Knowledge and Experience |
|---|---|
| Formal Trade for Ex-Pats (Diesel mechanic / Auto electrician) & Grade 12 for locals. | 3 - 5 years relevant experience . |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, ), Attention to detail, Analytical skill, Mechanical & Electrical experience, Problem solving skill & Supervisory experience. | Communication (English), Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy, Discretion & Self-motivation. |

**Position: HME Boilermaker**
**Department: HME Maintenance**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**
- Carries out general "Boilermaker / Welding / Fabrication" work/repairs on Mining equipment. (Bucket repairs; Tray relines, Dozer blades fabrication of steps & handrails; door frames; etc.).

**Task description expanded to core performance areas**
**Planning**
- Follows the "Planned Maintenance Schedule".
- Makes a list of parts and equipment required.
- Follow Supervision instructions
- Follow work order / Job card system for all work planned & carried out.

**Implementation of the Plan**
- Identifies the highest priority for each day and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping.
- Lays out, positions and secures parts and assemblies according to specifications, using "straight bridge"; combination square; callipers; and ruler.
- Tack-welds or welds components and assemblies, using electric, gas, arc, or other welding equipment. First assesses the area to be welded.
- Operates manual and automated welding units and equipment by depositing metal from electrode to work piece and joins the edges.
- Uses disc grinder to smooth out, weld, or grind parts prior to welding.
- Maintains correct length of arc and speed of movement to form specified depth of fusion and bead.
- Welds in flat and vertical planes (all position welding).
- Examines weld for bead size and other specifications.
- Grinds or cleans weld joint of work piece.
- Fabrication of new or replacement parts for equipment; ladders; walkways; covers; etc.
- Assembles component parts, using hand and small power tools.
- Follows other instructions relating to the position.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the work place, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the work place.
- Attends technical and other training as required by supervisor.

**Writing Reports & Data Control**
Compile daily; progress reports as requested

| Qualifications | Knowledge and Experience |
|---|---|
| Technical School Certificate | 3 – 5 years relevant experience working with Heavy mining equipment |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, ), Attention to detail, Analytical skill, Boilermaker & Welding experience, Problem solving skill & Drivers Licence Grade 2 | Communication (English), Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of accuracy & Self-motivation. |

**General Information and other requirements:**
- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**
- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: NAVision System Support Officer**

   **Department: FITS – Finance**
   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Provide NAV system support to end users and improve Business Process flows through installations, system enhancement and maintenance.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**User Support and Training**

- Check the Helpdesk Management System daily, respond and resolve support requests.
- Advice users when they encounter problem / error messages and follow through to resolve.
- Use current procedures to resolve queries.
- Train users on the NAV system and other reporting systems.
- Train groups of users when new upgrade is installed.
- Train individual users on adhoc / needs basis.

**Installations**

- Setup software installation for new users.
- Assign permissions to users and setting up of access levels.
- Conduct applications setup to meet specified business processes.

**System Enhancement**

- Participate and carrying out of assigned tasks in NAV system enhancements and version upgrades.
- Provide support to user requests to introduce modifications to existing functionality.
- Conduct a requirement analysis on system enhancement requests and act on these.
- Support NAV implementation efforts by designing and coding (programming) specific functionality such as reports, pages and data ports.
- Document the project according to standards and procedures.
- Develop the NAV system to improve Business processes.
- Prepare system and user documentation or user manuals.

**System Maintenance**

- Update, maintain and control data integrity of the Business Intelligence data.
- Perform data analysis to facilitate data conversion and support efforts.
- Assist with the maintenance of license agreements and keep ensure that these are kept up to date.
- Assist with the implementation and installation of program fixes.

**Business Process Flow**

- Participate in identification and documentation of business process flows.
- Assist with the documentation of improved processes.

**Administration**

- Maintain and store all project and systems related documentation according to standards and procedures.

| **Qualifications**: | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| Degree/Diploma Computer Science or Information Systems<br>Diploma in Finance/Accounting will be an added advantage | 3 Years experience in Information Systems<br>2 Years experience in Programming<br>Certification in NAV System will be an added advantage |

| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
|---|---|
| Intermediate Computer Literacy (MS products, NAV system)<br>Understanding of the business processes<br>Understand end user job tasks / requirements ,Analytical skill<br>Programming skill ,Business process documentation | Attention to detail<br>Interpersonal Relations, Confidentiality<br>Proactive, Time Management<br>Communication (English and local language)<br>Planning and Organizing skill |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**



# ምልክታ



Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Accountant**

   **Department: FITS – Finance**
   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Assisting Senior accountant and Analysts in daily, weekly and monthly accounting activities as required.

### TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS

**Assisting Senior Accountants and Analysts**

- Check completeness of purchase life cycle to close/clear orders
- Follow up collection and proper recording of fuel issues of Massawa port operations and TOTAL station
- Follow up collection and proper recording of fuel receipts of Massawa port operations and TOTAL station
- Follow up collection and proper recording of bar & shop sales
- Draft operational cost variances analysis
- Assist preparing GL account reconciliations for sign-off
- Prepare correcting, adjusting and recurring journals for proper allocation of costs
- Gather information regarding receivables and back charges ensuring completeness
- Ensure expenses are properly coded to correct GL account and cost centres
- Assist in collecting and providing information for reporting purposes
- Assist and participate in annual stock take/inventory count
- Assist and participate in fixed asset existence verifications

### Assist in Preparing Reports

- Provide assistance in report writing as requested by Senior Accountant and Analysts
- Assist in preparation of month-end accounts to meet strict deadlines
- Assist in collecting and providing information for reporting requirements

### Maintain asset and project register

- Update asset register for new purchase
- Maintain fixed asset and project register for capital expenditure reporting
- Update asset register for disposals in accordance with SOP
- Under take progression physical asset verification as per SOP

### Assist in preparing GL account reconciliation

- Assist preparing GL account reconciliations
- Assist accountant in ensuring reconciled GL balance ties back to trial balance
- Ensure reconciliations are properly reviewed and approved by finance superintendent
- Prepare sub-ledger GL account reconciliations

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| Degree or Diploma in Accounting / Finance. | Two Years or more experience in an Accounting environment.<br>Knowledge of accounting principles.<br>Knowledge of Accounting Software is desirable. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate), Mathematical Ability<br>Attention to detail ,Analytical skill<br>Accounting Principles ,Problem solving skill<br>Understanding of GAAP, IFRS & IAS<br>Financial Acumen,Compliance to accounting standards | Communication (English and local language)<br>Assertiveness<br>Interpersonal Relations<br>Confidentiality<br>Ability to work towards strict deadlines<br>High level of accuracy<br>Discretion & Integrity |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

### ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ፅንጹይትን ሰሜናዊ ንኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ ቤት ሻሂ ከካርዮ ስለዝመደበ ንግዱሳት ተማሪትቲ ይዕድም።

ተሻሪታይ ከማልኣን ክሬልጦን ዘለዎ ነጥብታት፣

- ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2021 ክሊራንስን መንነት ወረቐትን ከቕርብ ይግባእ።
- ተሻሪቲ ብውሕዱ ናይ 3 (ሰለስተ) ዓመታት ተመኩሮ ስራሕ ዘለዎ።
- ተሻሪቲ ናይ ዘቕርቦ መሻረቲ ዋጋታት ብሰታሪት ዓሺጉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ፅንጹይትን ሰሜናዊ ክፍሊ ንግዲ፣ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት የረክብ።
- ተሻሪቲ ንመኽበሪ ጨረታ ናቕፋ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ብቸክ ብሲ.ፒ.ኦ ዝተዳለወ ትሕዝ የትሕዝ።
- ተሻሪቲ ሃገራዊ ግቡኣት ዝማለአ (ዝፈጸመ) ወይ ዘይምልከቶ ምኳኑ ካብ ሚ/ሪ ምክልኻል ሰታፍ ምምሕዳር ዝተዋህበ መረጋገጺ ከቕርብ ይግባእ።
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣትሒዙ ን 10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፣ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ
- ተሻረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዘለውሉ፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ትኻል ይኽፈት።
- ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ፅንጹይትን ሰሜናዊ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተድኣ ረኺቡ፣ ነቲ ጨረታ'ዚ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምሰራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ስርሓት ሓጺንን ፅንጹይትን ሰሜናዊ ኣስመራ

## ዩኒሴፍ(UNICEF) ንነፍሲ ወከፍ ህጻን

**ንሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ዩኒሴፍ ኤርትራ፡ ንፊናንስያውያን ዓመታት 2023-2026 ናይ ቀረብት፡ ስራሓትን ኣገልግሎታትን ዘህቡ ኣቕረብቲ ንምልላይ ቅድመ-ብቑዓት ንምምዝጋብ ዝተገብረ ናይ ዕዳጋ ገምጋም**

**ማሕበር ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ኣብ ኤርትራ፡ ንዓመት 2023 ክሳብ 2026 ኑቲ ናይ ቀረብ ኣቑሑ፡ ኣገልግሎታትን ስራሓትን ማሕበር ሓበሬታኡ ንምዝዋሩ ኣብ ማስርሕ ደርኩብ ኣሎ። ግዱሳትን ብቑዓትን ኣቕረብቲ ኣብዚ ትሕቲ ዘተገልጹ ምድባት ንኽመልክቱ ይዕደሙ ኣለው።**

| ጉጅለ ቁ. | ስ ም ጉጅለ | መግለጺ ምድብ |
|---|---|---|
| | | ፍርያት |
| 1 | ሀ | ቀረባት ቤት ጽሕፈት፥– ናይ ቤት ጽሕፈት ኣቕሓን ቀወምቲ ኣቑሑን፣ ናውቲ ጽሕፈት፡ ቀረብት ኤለክትሪክ፡ ከምኡ'ውን መሳርሒያ |
| 2 | ለ | ቀረብትን ኣገልግሎታትን ናይ ሓበሬታ ተክኖሎጂን ምስትራኽቦ፥– ናይ ኮምፒዩተር መወሰኽታታትን ዝተዛመዱ ናይ ወሰን ተለቀብትን (ኮምፒዩተራት፡ ላፕቶፓት፡ ፕሮጀክተራት ኤልሲዲ፡ ሽሲዲ/ሽሰኣር/ዲቪዲ፡ ካሜራታት ወዘተ |
| 3 | ሐ | ቀረብት ትምህርቲ፥– ቀረብት መምሃሪ ክፍሊ፡ ትምህርታውያን ናውትን መሳርሒያን (ጸለምቲ ሰሌዳታት፡ ኩርሺ፡ ናውቲ ጽሕፈት፡ መላመዲ ጥራውዝቲ፡ ፒሮታት፡ ወዘተ፡ ኣቕሓ ቤት ትምህርቲ፡ ቀረብት ምዝንጋዕ (ስፖርትን ናይ ወሸጢ ገዛ መዛናግዒ ንዋይን)፡ ከምኡ'ውን ካልኦት መምሃሪ ንዋያት ወዘተ |
| 4 | መ | ቀረብት ሕትመትን ምውዕዋዕን (ንኣፍሴት መስርሕ ሕትመትን ዲጂታላዊ ሕትመትን ዘጠቓልል) ናይ ሕትመት ንዋያት፡ ብሩሹራት፡ ፖስተራት፡ ባነራት፡ ስቲከራት፡ መኣርንብያታት ወረቓት፡ ናይ ምልክታ ሰሌዳ፡ ምልክታታት መጠንቀቕታ፡ ጸብጻባት፡ መጽሓፍቲ ምዝገባ፡ ንኣሽቱ መጽሓፍቲ፡ ማሊያታትን ቀብዖትን፡ ናይ ኢድ ጐማ በናጅር፡ ናይ ኤግዚቢሽን መቖምያታት ወዘተ |
| 5 | ረ | ቀረብት ጥዕናን ኣመጋግባን፥– ባዕሉ-ግድዓታዊ ስሪንጋታት፡ ናይ ድሕነት ሳጹናት (ንመጉሓፊ መሰረጺ ናውቲ)፡ ናይ ሕክምና ኣፋውስ፡ ንኡሳን መኣዛታት፡ ፍወሳውያን ምግብታት፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ኣቕሓ ምግቢ) |
| 6 | ሰ | ቀረብት ማይ፡ ሓለዋ ጽሬትን ስነ-ጥዕናን (WASH)፡ መፍሓሪ መሳርያታት፡ ኩሉ ዘማልኣ ጀነሬተራትን (ጀነሬተር ሰትስ) መቀያየሪ ኣቑሑ-ቶምን፡ ናይ ኢድ ፖምፓታትን ጠለቕቲ ፖምፓታትን መቀያየሪ ኣቑሑ-ቶምን፡ ሕምብርቲ-ሃጻጊ ፖምፓታት ምስ ሻምብቆታት፡ ጸሓያውያን ጠለቕቲ ፖምፓታትን ተለቀብቶምን፡ ሞቶራት ኤለክትሪክ፡ ናይ ፕላስቲክ ሻምብቆታት፡ ሽፋናትን ተገጠምትን፡ ናይ ኣቻዊ ሻምብቆታት፡ ሻምብቆታት ጃኢይ፡ መዕቑር ማይ ባኮታት (ዝተፈላለዩ ዓቐናት)፡ መፈወሲ ማይ ኬሚካላት፡ ተዓጻጸፍቲ ዘእርብትን ዘይዕጸፉን ጀሪካናት (ናይ 10 ሊትሮን 20 ሊትሮን፡ ፕላስቲክ ሽንክሎታት (ናይ 20 ሊትሮ) ዓቐን፡ ቀረብት ሓለዋ ጽሬትን ስነ-ጥዕናን፡ ከም እኒ ሳሙናታት |
| 7 | ሸ | ቀረብት ህጹጽ ዘይምግባውያን ንዋት (NFI)፥– ቴንዳታት፡ ማይ ዘይሕልፉ ሸራዓት፡ ኮቦርታታት፡ ፕላስቲካውያን ቀጸላታት፡ መደቀሲ ምንጻፋት፡ናይ ህጹጽ እዋን ረድኤት መዕቆብታትን ናይ ቤት ቀረብትን (መኸሸኒ ኣቑሑ፡ ፕላስቲካውያን ቀጸላታት፡ ተንዳታት፡ ወዘተ) ናይ ክዳን ንዋት፡ ኮቦርታታት ዓለባ (ጸምሪ ወይ ሰፍ)፡ ንናሕሲ ዝኸውን ፕላስቲክ፡ ወዘተ |
| 8 | ቀ | ናውቲ ሎጂስቲክስ/መጓዓዝያን መቀያየሪ ኣቑሑትን፥– ተሽከርከርቲ፡ ሞተር ብሽክለታታት፡ ብሽክለታታት፡ ኣምቡላንሳት፡ ዓበይቲ ማካይን (ቦጦት ማይ)፡ ጐማታት፡ ንዋት ተንቀሳቓሲ ሰፈር፡ ንዋት መኻዝኖ፡ ናይ ክዙና መትሓዝታት፡ ናይ ኑዳዲ ካመራ-ዳርያ፡ ከምኡ'ውን ኣገደስቲ ቀረብት/መቀያየሪ ኣቑሑ |
| 9 | በ | ናውቲ ሓጋዚ ቴክኖሎጂ፥– ኑቶም ስንክልና ዘለዎም እኽላት ሰባትን ቆልዑን ዝኾኑ ሓገዝቲ ናውቲ (ዓረብያታት ስንኩላት፡ ናይ ደልፌን መጋረጃታት፡ ናይ ብረይል መመዝገቢቲ ደምጺ፡ ኣጉላሕቲ መሳርያታት፡ ተዓጻፍቲ ምርኩሳት ወዘተ) |
| 10 | ተ | ምስ ኮቪድ-19 ዝተኣሳሰሩ ቀረብት፥– ውልቃውያን መከላኸሊ ናውቲ፡ መመርመሪታት (መመርመሪ ናውቲ፡መወዛዛዲ፡ ሃለኽቲ፡ ወዘተ። ናውቲ ሕክምና (ቨንቲለተራት፡ ናይ ኦክሲጅን ኣጸዓቕቲ፡ ተወሰኽቲ ኣካላት፡ ከምኡ'ውን ሃለኽቲ ወዘተ) |
| 11 | | ካልኦት ዝተፈላለዩ ቀረብት፥– ናይ ስፖርትን ወሸጢ ገዛ ምዝንጋዕ ነገራት/ናውቲ፡ ቀረብት ኤለክትሪክ፡ ተቖጻጻሪ ቮልተጅ፡ ምትሕያስ ጸጥታ፡ መርኩብቲ ሓዲጉ ማሽን ራጂ፡ ካሜራታት ሰሰቲቪ፡ ዲጂታል ዶርወይ፡ ናውቲ ቀዳማይ ረድኤት፡ ዓራውቲ ኩሌራ፡ ናውቲ ሶላር፡ ስርዓታት ሓይሊ፡ ኢንዳስትርያዊ ናውቲ፡ ፒዲኤታትን ቻርጀራትን፡ ናይ ብረይል መሽናት፡ ተሳሓብቲ፡ ዛራብ ግዘፊትብሐ ሰደ፡ ኣየር ኮንዲሽነራት (ምትካሎምን ጽገናኦምን)፡ ናይ ሆስፒታል፡ ሕክምናን ላቦራቶርን ቀረብትን ናውትን፡ ሜሽነሪ፡ መጋበርያታት፡ ጀነሬተራትን መቀያየሪ ኣቑሑትን ተቐዋሚ ኣገልግሎታት |
| 12 | ቸ | ምምሕዳራውያን ኣገልግሎታት፥–ቤት ጽሕፈት ምጽራይ፡ ተለኣኣኽቲ፡ ኣገልግሎታት ሓለዋ፡ ኣገልግሎታት ምትካልንን ጽገናን ጹሒያዊ ጸዓት፡ ምሕደራ መኾ፡ መሳለጥያታት ሆቴልን ኮንፈረንስን፡ ክራይ ማኪና፡ ሆቴላት፡ ሳሎናት፡ መድሕን ተሽከርከርቲ፡ ንኣገልግሎታት ታክሲ ዘጠቓልል ናይ ክራይን ቤት ጽሕፈትን ጽገና ወዘተ |
| 13 | ነ | ኣገልግሎታት ሎጂስቲክስ፥– መጓዓዝያ፡ ምጽራይ ጉምሩኽ፡ ምብጻሕ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መኻዝን ምዕቃብ/ክዙናን ምሕደራን |
| | ኘ | ኣገልግሎታት ህንጻት፥– ጉድጓድ ዒላ ምኹዓት፡ ህንጻት ኣብያተ ትምህርቲ፡ መሳለጥያታት ትምህርቲ፡ ኣገልግሎታት ምህንድስና፡ ጽገና ቀረብት ማይ፡ ጥዕናን ሓለዋ ጽሬትን ወዘተ |
| | ኣ | ኣገልግሎታት ሞያዊ ምምኻር፥– ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምርምር፡ ዳህሳስ፡ ክትትልን ግምገማን፡ መጽናዕቲ ፍልጠት፡ ኣረኣእያን ተግባርን፡ መጽናዕትታት ተተግባርነት፡ ሸፈታት ዓቕሚ፡ ምዕባለ ኣብ ጥዕና፡ ኣመጋግባ፡ ትምህርቲ፡ ማይን ሓለዋ ጽሬትን ሓለዋ ቆልዑ፡ ማሕበራውን ባህርያታውን ለውጢ፡ ማስተራኽቦን ምዕባሌኣውያን ጸላታት፡ ምምዕባል ኑቂቕ ንዋት፡ ኣገልግሎታት ሰሰና ማሕበር፡ ኣገልግሎት ስልጠናታትን ምዕባለ ዓቕምን፡ ኣገልግሎታት ንኡሱ ግምጋምን ናይ ወዘቢ ፈተሻን ኦዲት ፊናንስያውያን ምምኻራውያን ኣግልግሎታት። |
| | ከ | ካልኦት ኣገልግሎታት፥– ግራፊክ ዲዛይን፡ ፎቶግራፊ፡ ኣገልግሎታት ድምጻን ቪድዮን፡ ምንዳፍ፡ ምምዕባልን ዕቀባን መርበብ ሓበሬታ፡ ምጽሓፍ፡ ኣርትዖት፡ ምንዳፍን ስርርዕን ንኢጋጥሚታትን ወፍርታትን ዘድግፉ ኣዋዳዋዕቲ ኤጀንሲያታት፡ ኣገልግሎታት ውጠናን ምሕደራን ኢጋጥሚታት፡ ናይ ቅድመን ድሕረን ኣቕርቦት ምርመራታት ዘጠቓልል ውሕስና ብቕዓት፡ ምርመራታት ሳልሳይ ኣካል፡ ምንጻር፡ ምስትርጓም፡ ከምኡ'ውን ማዕረ ማዕረ ዚካየድ ምስትርጓም/ንዋት፡ ፊናንስያዊ ኦዲት፡ ጽገና ጀነሬተር፡ ምትዕርራይ ቤት ጽሕፈት፡ ኣገልግሎታት ሳሎናት/ምግቢ/ናይ ድግስ/ቤት ምግቢ ኣግልግሎታት፡ ኣገልግሎታት ሕትመት፡ ብምምሕዳር ዓቕሚ ሰብ ዚካየዱ ኣገልግሎታት ምምኻር |
| | ኸ | ናይ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎታት ምትካል፡ ዕቀባን ምትዕርራይን፥– መዛርግሒታት ኣገልግሎታት ማይ መብራህቲ ወዘተ፡ ኤለክትሪካውን ብርሃናውን፡ ኣየር ኮንዲሽነራት፡ ጀነሬተራት ቤት ጽሕፈት፡ ጽርበት፡ ኣጉጣጥማይነት፡ ናይ ኣቑሓ ቤት ጽሕፈት፡ ናይ ኣሉሚንዮም ምግጣጣም መረጼን፡ ናይ ቬትሮን ምግጣጣም መረጼን፡ ማስመር ማይ/ማይ፡ ሲቪላዊ/ህንጻታዊ ምትዕርራያትን ስራሓትን/ናይ ህንጻ ንድቃ ሲቪላውያን ስራሓት (ምድሪ ቤታት፡ መናድቕ፡ ሰንቀታት፡ ናሕስታት፡ ምልካይ ሕብርን)፡ ድሕነት ባርዕ ሓዊ |

## ናይ ዕዳጋ ዳህሳስ ሓበሬታ

እቶም ናይ ዕዳጋ ዳህሳስ/ቅድመ-ብቑዕነት መመልከቲ ንኬቕርቡ ቅዱሳት ዝኾኑ ኣቕረብቲ ኑቲ ናይ ኣቕረብ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ቅጥዒ ክመልኡ ኣለዎም። ዚተሓትሙ ቅዱሓት ቅጥዒ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ኣቕረብ ካብ መቐበል ኢጋደሽ ቤት ጽሕፈት ዩኒሴፍ ኣብ ጎደና ሕዳይ፡ መንገዲ ኤርፖርት፡ ኣስመራ፡ ኤርትራ ክረኽቡ ይኽእል እዩ።

መመልከቲ ምቕራብን ናይ ምቕራብ ቀሩጽ-እዋንን ዚተዓሸጉ መመልከቲታት ኣብ ዘይተሰላለመ ፖስታ ብምእታው "ዳህሳስ ዕዳጋ/ቅድመ-ብቑዕነት ናይ ኣቑሑ፡ ኣገልግሎታትን ስራሓትን" ዚብልን ኑቲ ኣመልከትካሉ ዘሎኻ ምድብ ብምጥቃላልን ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ኣብ ኤርትራ፡ ጎደና ሕዳይ፡ መንገዲ ኤርፖርት፡ ኣስመራ፡ ኤርትራ፡ ክሳብ ሰኑይ 02-ሰኑ-2023፡ ሰዓት 5:00 ድ.ቀ. ብናይ ኤርትራ ኣቆጻጽራ ሰዓት፡ ብኣካል ብምምጻድ ከተቕርብ ይከኣል። ድሕሪኡ ዚቐርቡ መመልከቲታት ግን ኪንጸጉ/ኣብ ገምጋም ኣይክኣትዉን እዮም።

ኩሎም መመልከቲታት ብቋንቋ እንግሊዝ ኪቐርቡ ኣለዎም።

ናይ ተወሳኺ ሓበሬታ ወይ መብርሂ ሕቶታት
ኣመልከትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስዘድልዩ ቅድሚ 31-ግንቦት-2023 ብጽሑፍ ገይሮም ናብ ERTmarket-survey@unicef.org ኪሓቱ ይኽእሉ።

ጾታዊ ዘላቕነታውን ስንክልናውን ምኽታት ዩኒሴፍ ብመንጽር ጾታ፡ ዜግነትን ባህልን ብዙሕነት ናይ ምጭባጥ ወፋይነት ኣለዎ። ደቂ ኣንስትዮ ዘውንንአን ትካላት መመልከቲ ንኬቕርባ ይተባብዓ። ዩኒሴፍ ናይ ዘላቕነትን ስንክልናን ምኽታት ናይ ምጭባጥ ወፋይነት ኣለዎ። እቶም ብዘላቒ ኣገባብ ኣገልግሎታት ዘፍርዩን ዜቕርቡን፡ ከምኡ'ውን ስንክልናን ምኽታትን ኣብ ግምት ዜእትዉ ኣቕረብቲ ንክመልክቱን ዝኣም ብኮመይ ከምዚጭብጡዎም ንክርእዩ ይተባባዑ።

ናይ ዩኤንጂኤም ምዝገባ እቶም ንዩኒሴፍ ቀረብት፡ ኣገልግሎታትን ስራሓትን ንኬቕርቡሉ ተገዳስነት ዘለዎም ኣቕረብቲ ኣብ ዩኤንጂኤም (ዩናይትድ ኔሽንስ ጀነራል ማርኬትፕለስ) ኣብ መሰረታውን ጽፍሒ 1ን ምዝገባታት ክምዝገቡ ኣለዎምን፥– https://www.ungm.org/Account/Registration

ዝርዝራት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ምድባት ዝርዝራት ናይ ነፍሲ ወከፍ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ምድባት ንምርካብ https://supply.unicef.org/product-categories ከምኡ'ውን ኑቲ ቅጥዒ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ኣቕረብ ይወከሱ።

ምዝገባ ንቅድመ-ጨረታዊ ኣኼባ ኣብ ዕለት 31-ግንቦት-2023 ሰዓት 10 ቅ.ቀ ብናይ ኤርትራ ኣቆጻጽራ ሰዓት ናይ ቅድመ-ጨረታ ኣኼባ ኪካየድ እዩ። ኣመልከትቲ ናብ ናይ ሃገር ቤት ጽሕፈት ዩኒሴፍ ኣብ ኤርትራ፡ ጎደና ሕዳይ፡ መንገዲ ኤርፖርት፡ ኣስመራ፡ ኤርትራ፡ ብኣካል ብምቕራብ ክምዝገቡ ይኽእሉ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሮማ፡ ንሞሪኖ ትመባጸዓሉ

ኢጣልያዊት ክለብ ሮማ፡ ንኣሰልጣኒኣ ሆዜየ ሞሪኖ ኣብዚ ክረምቲ ገለ ዓበይቲ ምስጓጓራት ክትገብረሉ ምኳና ብምምባጻ፡ ምስኣ ክጸንሕ ንምእማኑ ትፍትን ከምዘላ፡ ናይታ ሃገር ምንጪታት ሓቢሮም።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ እዚ ፖርቱጋላዊ ዓሌሚ፡ መዘኑት ምስልጣን ፒኤሰጂ ንምሓዝ ብቐዳምነት ይጥቀስ ኣሎ። ብሀሉው ኣሰልጣኒኣ ክሪስቶፈር ጋልቴር ሕጉስቲ ከምዘየላ እትግለጽ ፒኤሰጂ፡ ምስዚ ዓሌሚ ክትራሳለ ትጸቢት ከምዘነበረላ እዩ ዝግለጽ። በዚ ድማ፡ ድሮ ቦታኡ ንምትካእ ሓዱሽ ዓሌሚ ሃሰው ኣብ እትብለሉ ዘሎ እዋን፡ ንሞሪኖ ኣብ ራዳራ ኣእትያቶ ትርከብ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ሓጺር ዝርዝር እዛ ጋንታ - ብዘይካ ሞሪኖ ካልኦት ኣሰልጠንቲ'ውን ከምዝለው ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን፡ ሮማ ንምእማኑ እጅግኣ ሰብሲባ ኣላ። ብመሰረት ኢጣልያዊት ጋዜጣ ካልሾ ማርካቶ፡ ስፖርት ዳይረክተር እዛ ጋንታ ቲያጎ ፒንቶ፡ ኣብዚ ክረምቲ ክልተ ወሰንቲ ተጻወትቲ ክፈርመሉ ምኳኖም ብምግላጽ ይሓብቦሎ ኣሎ። ወዲ ሃገሩ ንሞሪኖ ዝኾነ - ፒንቶ፡ ኣብ ምጽናሕ እዚ ኣሰልጣኒ ቀንዲ ተራ ክህልዎ ከምዝኽእል እዩ ዝሕበር። እዞም ክምጽኡ ምኳኖም ዝገልጽዎም ዘለዉ ክልተ ተጻወትቲ ከኣ፡ ኣከፋፋሊ ሊያን - ሀሰም ኣወርን ተኸላኻሊ ኢንትራክፍራንክፈርት ኢቫን ንዲካን ምኳኖም ይግለጽ።

ኣልጀሪያዊ ኣወር፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ስሙ ምስ ክሪስታል ፓላስን ኖቲንግሃምን ተኣሳሲሩ እኳ ይጽዋዕ እንተነበረ፡ ክሰልጥ ግና ኣይኸኣለን። ብመንጽሩ፡ ሮማ፡ ኣብ ጉዳይ ንዲካ ድሮ ዝርርብ ከምዝጀመረት ጸብጻባት የረድኡ።

ናይ ሓደ ዓመት ተረፍ ውዕል ዘለዎ



- ሞሪኖ፡ ነዛ ጋንታ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኤውሮጲያን ሊግ ኣብጺሕዋ ደርኩቡ፡ ዝመጽእ 31 ግንቦት ከኣ፡ ኣንጻር ንጅጅቫቨቶስ ገሊፋ ዝሓለፈትን ሽዱሽተ ግዜ ጸዋእ እዚ ውድድር ዝዓተረትን ሰቪያ ክፋለም እዩ። ኣብ ሓሙሽተ ናይ ፍጻመ ጸወታታት ኤውሮጳዊ ውድድር ክምህ ዘይበለ - ሞሪኖ፡ ንሮማ ዝሓለፈ ወቅቲ ድሕሪ 31 ዓመታት ናብ ፍጻመ ጸወታ ኤውሮጳዊ ውድድር ከብጽሓ እንከሎ፡ ነታ ናይ ኮንፈረንስ ሊግ ዋንጫ ከኣ ዓቲርዋ ምንባሩ ይዝከር። እዚ ንኡስ "እቲ ፍሉይ" ዝብል ቅጽል ስም ዘጠመቓ ዓሌሚ፡ ዝሓለፈ ሰሙን "ስቡስልጣን ፒኤሰጂ እንተኣድሂየሙኒ/ደዊሎሙለይ ኣይክረኽቡንን እየም።" ክብል፡ ንዘሎ ወረ እናሰሓቐ መሊሱ ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቲያጎ ፒንቶ፡ ስሙ ምስታ ንስፖርት ዳይረክተራ ንዘበረ ፋብዮ ፓራቲክ ዝኸሰረት ቶተንሃም ተኣሳሲሩ ይጽዋዕ እዩ። ኣቐዲሙ ኣብ ጁቨ ተመሳሳሊ ተራ ዝበሮ - ፓራቲክ፡ ኣብቲ እዋን ጁቬ ናይ ሓሶት ፋይናንስያዊ ጸብጻብ ተሕልፍ ብምንባራ እዩ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ን30 ኣዋርሕ ካብዚ ዓውዲ ክእለ ዝተወሰነሉ።

## ፖሊስ ዓዲ እንግሊዝ፡ ጉዳይ ባምፍርድ ይከታተል

ፖሊስ ዓዲ እንግሊዝ ምስ ክለብ ሊድስ ዩናይትድ ብምኳኑ ኑዩም ብቐጥታዊ መስመር ኢንተርነት ንኣጥቃዓይ እዛ ጋንታ - ፓትሪክ ባምፎርድ ዝፈራርሑ ሰባት ንምርካብ ይሰርሕ ምህላዉ ሓቢሩ።

ባምፎርድ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ጋንታኡ ኣንጻር ኒውካስል 2-2 ኣብ ዝተፈላለየትሉ ጸወታ ፍጹም ቅላዕ ብምስሓቱ እዩ ናብኡን ናብ ስድራኡን ዝቐንዐ ምፍርራሕ ብማሕበራዊ መራኸቢ ዝመጽኦ ዘሎ። ሊድስ፡ ነዚ ጉዳይ ኣብ እዋኑ ክትከታተሎ እንከላ፡ ነዚ ኣድልዎ ዘለዎ ጽልኢ ዝገለጸ ዓሌሚኣ - ሳም ኣላርዳይስ ድማ፡ ፖሊስ ዓቢ ስጉምቲ ክወስድ ተማሕጺኑ እዩ። ሕጽይቲ እዚ ተጻዋታይ ብወገና፡ "ሰባት ኣብ መዕሸጊ መካይን ንፓትሪክ ከጥቅዑ ወይ ናብ ገዛና ክቐርቡ፣ ንደገ ኣብ እንወጽኣሉ እዋን ክከታተሉና. . . ምኳኖም እንተደኣ ተዛሪቦም፡ ዝኾነ ብዕቱብ ክትርእዮ ኣለኩም" ክትብል - ንኸሎም ዝምልከቶም ኣካላት ተላቢያ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ ገለ ካብኣቶም ጹሑፍቲ ናይ ቲዊተር ሕሳቦም ደሚሰሶምዎ እዮም።

ኣብ ኣዝዩ ወሳኒ መድረኽ እትርከብ ሊድስ፡ ኣብ ናይ ሓደጋ ቦታ መበል 18 ኢያ ተሰሪዓ ዘላ። ኣብዚ ጸወታ፡ ባምፍሮድ ዝስሓታ ፍጹም ቅላዕ እንተትምዝገብ ነይራ ግና፡ ካብቲ ዞባ ብምውጻእ ብሓንቲ ነጥቢ ጸብለል ምበለት ነይራ። እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብዚ ወጣሪ እዋን ፍጹም ቅላዕ ምስሓቱ ከኣ እዩ - ምኽንያት ምፍርራሕ ናይ'ዞም




ናብ ታሕተዋይ ሊግ ከይወርዱ ዝሰግኡ ደገፍቲ ዝኾውን ዘሎ። እዛ ጋንታ፡ ሎሚ ናብ ዌስትሃም ተጓዒዛ መበል 37 ግጥሚት ክተካይድ ኢያ።

## "ኣብ ጎድኒ ቶኒይ ኣለና" ቶማስ ፍራንክ

ኣሰልጣኒ ብሬንትፍሮድ - ቶማስ ፍራንክ፡ ሽሕ'ኳ ኣጥቃዓዩ ኢቫን ቶኒይ ብሰንኪ ጥሕሰት ሕጊ ጠለዕ ንሸሞንተ ኣዋርሕ ካብ ኩዕሶ እግሪ እንተተኣገደ፡ ንሶም ግና ኣብ ጎድኑ ከምዘለዉ እምነቱ ገሊጹ።



ቶኒይ፡ ብሰሪዚ፡ ጥሕሰት ቀዳሙ ብኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ እዩ ተቐጺዑ። ሕቶ እቲ ሊግ ከኣ፡ ድሒሩ ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም (ፊፋ) ተቐባልነት ብምርካቡ፡ ንሸሞንተ ኣዋርሕ - ማለት ክሳብ ጥሪ 2024 ምስ ዝኾነት ክለብ ክጻወት ይኹን ክለማመድ ተኸልኪሉ ኣሎ። መቕጻዕቲ እዚ ተጻዋታይ ከሙቅጸቡት ክጅመር እንከሎ (ትማሊ ኣንጻር ቶተንሃም ካብ ዝበርም ጸወታ እዩ ጀሚሩ)፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ግና - ማለት ኣብ 17 መስከረም ምስ ጋንታኡ ልምምድ ጥራይ ክጅምር ከምዝኽእል እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

"ምስ ቶኒይ ተራኺብ ነይረ፣ በዚ ፍጻመ እዚ ጉሁዩ እዩ። ይኹን እምበር፡ ምስዛ ጋንታ ዘለዎ መጻኢ ውሑስ እዩ - ዘጠራጥር የብሉን።" ዝበለ ዓሌሚ እዛ ጋንታ - ቶማስ ፍራንክ፡ "እቲ ክንገብሮ እንኽእል ክንፈልጥ መታን ግና፡ ሓበሬታ ኢና ንጽበ ዘለና። ብፍላይ ኣብዘን ቀዳሞት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝፍቀደሉ እንተኾነ መልሲ ንጽበ ኣለና። ሓደ ነገር ሮግጸኛ ኮይነ ክዛረብ'ም ግን ንሱ ንምድጋፍን ኩነታት ጥዕናኡ ንምፍላጥ፡ ኩሉ ግዜ ምስኡ ክንህሉ ኢና። ጌጋ ፈጺሙ እኳ እንተኾነ፡ ንሕና ምስኡ ክንህሉን ክንሕግዞን ኣለና። ቀዳምና ግና እንታይ ከምዝፍቀደልና ክንፈልጥ ንደሊ ኢና።" ኢሉ።

232 ናይ ጠለዕ ሕግታት ከምዝጠሓሰ ዝግለጽ እዚ እንግሊዛዊ፡ ክሳብ ናይ ሸሞንተ ኣዋርሕ መቕጻዕቱ ዝዛዘም ካብ እንግሊዝ ወጻኢ ክይጻወት መታን እዩ - ብሕቶ እቲ ሊግ፡ ብፊፋ ኣብ ኩሉ ሃገር ከይጻወት ተኣጊዱ ዘሎ። ቶኒይ፡ ነዘን 232 ጥሕሰት - ካብ 25 ለካቲት 2017 ክሳብ 23 ጥሪ 2021 ኣብ ስኩንትሮፕ ዩናይትድ፡ ዊጋን ኣትሌቲክ፡ ፒተርቦርግ ዩናይትድን ብሬንትፎርድን እንከሎ እዩ ወዲልዎ። 50 ሺሕ ፓውንድ እውን ዝተቐጽዐ - ቶኒይ፡ ኣብዚ ወቕቲ ካብ 33 ግጥሚት ፕሪመር ሊግ፡ 20 ሸቶታት ብምቑጻር ድሕሪ ሃላንድን ከይንን ተሰሪዑ ይርከብ።



### መደብ ጸወታ

**ፕሪመር ሊግ**

ዌስትሃም - ሊድስ ዩናይትድ 3:30 ድ.ቀ

ብራይቶን - ሳውዝሃምፕቶን 4:00 ድ.ቀ

ማን ሲቲ - ቼልሲ 6:00 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ቫለንሽያ - ሪያል ማድሪድ 7:30 ምሸት

***

**ሊግ 1 ፈረንሳ**

ኣዘረ - ፒኤሰጂ 9:45 ምሸት

**ሰሪኣ**

ናፖሊ - ኢንተር ሚላን 7:00 ምሸት

***

**ጽባሕ**

**ፕሪመር ሊግ**

ኒውካስል - ሌስተር 10:00 ምሸት


## ሓጸርቲ ዜናታት

* ኣሰልጣኒ ባርሰሎና - ዣቪ ሀርናንደዝ፡ ዳይረክተር ኩዕሶ እግሪ ክለቦም ዝኾነን ኣብዚ ክረምቲ ክወጽእ እዩ ክበሃለሉ ዝወርሐን - ማተዩ ኣሌማኒ፡ ክጸንሕ ምኳኑ ኣፍሊጡ።

ዣቪ፡ "ኣሌማኒ ኩሉ ንጹር ገይርዎ እዩ - ኣብዚ ክጸንሕ ምኳኑ ነጊሩና እዩ። ንሱ ዘድናቕ ሰራሕተኛ እዩ። ኣብዛ ጋንታ ብዙሕ ሕግታት እዩ ኣተኣታትዩ።" ክብል ናይ ኣድናቖት ዝተሓወሶ ቃላት ገይሩ - መጻኢ እዚ በዓልስልጣን ኣብሪሁ። እዚ ዳይረክተር ኩዕሶ እግሪ፡ ኣብዚ ክረምቲ ካብ ባርሳ ወጺኡ ናብ ኣስቶን ቪላ ክኸይድ ምኳኑ እዩ ክግለጽ ወሪሑ። እንተ ስፖርት ዳይረክተር (ምስ ዳይረክተር ኩዕሶ እግሪ ዝተፈልየ ተራ እዩ ዘለዎም) ዝኾነ - ጆርዲ ክሩፍ ግና ምውጻኡ ከረጋግጽ እንከሎ፡ ቦታኡ ብናይ ቀደም ተጻዋታይ እዛ ጋንታ - ደኮ ክትካእ ምኳኑ ይንገር።

ብዘይካዚ፡ "ኣብዚ ክረምቲ ቀላሲ ተጻዋታይ ከይፈርም ይግበኣና።" ዝበለ - ዣቪ፡ "ቀዋምነትና ንቡታ እቲ ዝወጽእ ዘሎ ሰርጆ በስኬት ዝትክእል ተጻዋታይ ምምጻእ እዩ።" ኢሉ።

* ኣቐዲሙ ምስ ሞሪኖ ኣብ ናይ ቃላት ኩናት ኣትዩ ዝነበረ - ኣንቶኒዮ ካሳኖ፡ ደጊሙ ነዚ ዓሌሚ ኣጥቂዕዎ ኣሎ።

ካሳኖ፡ ሮማ፡ ሓሙስ ምሸት ኣንጻር ባየር ለቨርኩሰን ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ "ዕድለኛ ኢያ ነይራ" በሃላይ እዩ። ንቅዲ ጸወታ እዛ ጋንታ ዝቐፈ እዚ ኢጣልያዊ፡ "ንሮማን ህዝባን ስለዘፈትዎም ሕጉስ እየ። እንተኾነ፡ ክሳብ 98 ደቓይቕ እኳ ኣብ ፍርቂ ሜዳ ኣይተጻወቱን።" ኢሉ።

ብድሕሪዚ መጥቃዕቱ ናብ ሞሪኖ ብምምዃር፡ "እዚ ኣሰልጣኒ ኩሉ ነገር ፍሉይ እዩ ክብል እዩ። እንተኾነ፡ ከሙቲ ናፖልዮን ዝበሎ ኣብ ሂወት ካብ ሓያል ኣዚዩ ዕድለኛ ኣዚዩ ይሓይሽ እዩ። ንሱ ከኣ ዕድለኛ እዩ።" ክብል ንሞሪኖ ሸምጢጥዎ። ካሳኖ፡ ሮማ ንዝደኸመት ክለብ ረቲዓ ምሕላፋ እዩ ዝዛረብ፡ እንተ እቲ ግብረ-መልሲ ኣብ ምዙብ ሰናፍ ዘይብሉ ሞሪኖ፡ እንታይ ክምልሰሉ እዩ ምንጪታት ብሃንቀውታ ይጽበዩ ኣለው።

## ማን ሲቲ - ቸልሲ

### ሲቲ - እንተደኣ ተዓዊታ ታሪኽ ማን ዩናይትድ ክትላበስ ኢያ

ኣብዚ እዋን ኣብ ሰለስት ግንባራት ዋንጫ ንምዕታር ትደራገም ዘላ ማን ሲቲ፡ ሎሚ ኣብ ሜዳኣ ንቸልሲ ዓዲማ እንተሰዒራታ፡ ቀዳመይቲ ጸዋዕ ከተውሕስ ኢያ።

ኣብዛ ጸወታ ክትዕወት 62.5 ሚእታዊት ተዋሪብዋ ዘሎ ሲቲ፡ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ልዕሊ ቸልሲ ርእይ ዕብለላ ኣርእያ እያ። ዛጊት ኣቐዲመን ኣብ ሰለስተ ግጥማት ተራኺበን ዝበራ እዘን ክለባት፡ ኣብ ኩሉ ኣብ ካራባኦ ካፕ 2-0፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ 1-0፡ ኣብ ኤፍ ኤ ካፕ ከኣ 4-0 - ሲቲ ምዕዋታ ይዝከር። ብሓፈሻ፡ ሲቲ - ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ግንቦት 2021 ብቸልሲ ድሕሪ ምስዓራ፡ ዛጊት ኣብ ዝሰዓቡ ሓሙሽተ ግጥማት ሸቶ ከይተመዝገበ ተዓዊታ ትርከብ። ኣብዛ ጸወታ'ውን በዛ ለንደናዊት ክለብ ክትሰዓር እያ ዝብል ቅድመ ግምት ፈላጣት የለን - ኣብ ኩዕሶ እንታይ ከምዝጋጥም ግዳ ኮቶ ኣይፍለጥን።

በዚ ድማ ሲቲ፡ ካብዛ ጸወታ ሰለስት ነጥቢ እንተወሲዳ (ቀዳም ምሸት ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንክላ ኣርሰናል ብኖቲንግሃም እንተተሳዒራ ወላ'ውን ማዕረ እንተወጺኣ ሲቲ ከይተጻወተት ከተፍልጥ ኢያ)፡ ክልተ ግጥማት ተሪፍዋ እንከሎ፡ ዋንጫ ምልዓላ ከተረጋግጽ ኢያ። እዚ ማለት - ኣብ ወሸጢ ሽዱሽተ ዓመታት ንሓሙሻይ ግዜኣ እዩ። ብየንቶዳ ርእሱ ግና፡ ንሳልሳይ ተኸታተሊ ግዜኣ ነዛ ጸዋዕ ከተልዕላ ብምኳና፡ ምስ'ቲ ቅድሚ 24 ዓመታት ብቐንዲ መቐናቕንታን ጓል ከተማኣን ማንቸስተር ዩናይትድ ዝተሰሰደ ታሪኽ ክትመዓራረ ኢያ። ዩናይትድ፡ ብተኸታታሊ ን1998-99፡ 1999-20'ን 2000-01'ን ዝኸውን ውድድር ብምዕዋት፡ ዝኸውን ታሪኽ ናይ ውልቃ ገይራቶ ጸኒሓ።

ኣብ ዝሓለፈ 11 ዝተፈላለዩ ግጥማት፡ ሓንቲ ጸወታ ጥራይ ተዓዊታ ዘላ ቸልሲ፡ ኣብዛ ጸወታ ክትዕወት ዝደልያኣ ክለባት ክህልዋ ይኽእላ እየን። ሓንቲ ካብዘን ክለባት ኣርሰናል ኮይና፡ ዋላ'ኳ ኣብ ናይ ለንደን ደርቢ መቐናቕንታ እንተኾነት፡ ኣብዛ ጸወታ ንሲቲ ሰዒራ ብምጣኡ ናብ ውድድር ክትመልሳ ግና ዘይትደልዮ ኣይኮነትን። እታ ካልኣይቲ ክለብ ከኣ፡ ክልተ ዕቑዳታ ታሪኻ ብኻልእ ክለብ ክምዓራረ - እሞ ከኣ ብሲቲ ዘይዋሕጦ ማን ዩናይትድ ኢያ። ድሕሪ ምውጻእ ፈርጉሰን ዘይጠዕማ ዩናይትድ፡ ብፍላይ ምስ ምምጻእ ጓርድዮላ ናብ ሲቲ፡ ኣብዚ ዋንጫ ተዓዘቢት እምበር ተወዳዳሪት የላን። እንተኾነ፡ ዩናይትድ፡ ካብ 2006 ክሳብ 2009 ተመሳሳሊ ታሪኽ ብምስራሓ፡ ሲቲ እንተደኣ ተዓዊታ'ውን ብሓንቲ ታሪኽ ክትበልጻ ኢያ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ኣብ ፍጻመ ጸወታታት ኤፍኤ ካፕን ሻምፕዮንስ ሊግን በጺሓ ዘላ ሲቲ፡ ንሰለሳዊ ዓወት ኣብ ምቁማት ትርከብ። 3 ሰነ ኣንጻር ማን ዩናይትድ ኣብ ኤፍኤ ካፕ ድሕሪ ምጽዋታ፡ ድሕሪ ሸውዓተ መዓልታት ናብ ኢስታንቡል - ቱርኪ ብምጕዓዝ ኣንጻር ኢንተር ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትፋጠጥ ኢያ። እዛ ናይ ሎሚ ጸወታ ከኣ፡ ብፍሉጥ ተንታኒ - ክሪስ ስቱን ብዓወት ማን ሲቲ 5-0 ክትዛዘም ተገሚታ ኣላ። ንስኹም ከ?





# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ው.ጥ.ዓ፡ ኣርተፈሻላዊ ሽኮር ከነወግድ ተማሕጺኑ

ከም መማቐርቲ ኮይኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ዕሹጋት መግዝብታትን ልስሉስ ማስተታትን ዝርከብ ኣርተፈሻላዊ ሽኮር፡ ኣብ ጥዕና ወዲ-ሰብ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ከምዘውርድ፡ ብውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዝወጸ ሓበሬታ ተገሊጹ።

ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ዝጠዝሉ ስብ ሰርሖም ሽኮራውያን መማቐርቲ፡ ዋላ'ኳ ከም'ቲ ብዝተፈላለዩ ክኢላታት ዝግለጽ፡ ግዚያዊ ምጉዳል ክብደት ሰብነት ዘኸትሉ እንተኾኑ፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ግን ከም ሕማም ሽኮር፡ ጸገማት ልብን ሞት ኣብ ዘይእዋኑን ዝኣመሰሉ ጸገማት



ጥዕና ከምዘስዕቡ ኣረዲኡ። ትሕዝቶ ኣርተፈሻላዊ ሽኮር ዘለዎም መግዝብታት ወይ ማስተታት ምምጋብ ኮነ ምስታይ፡ ነቲ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዝሃርፍ ሸውሃት ብምዕጻው ክብደት ሰብነት ከጉድል ከምዘኽእል እዩ ብጠለ ክኢላታት እዚ ዓውዲ ብተደጋጋሚ ክግለጽ ጸኒሑ። እንተኾነ እዚ ማስርሕ ምጉዳል ክብደት ሰብነት ግዚያዊ እምበር ኣብ ዝተናውሐ እዋን ሳዕቤናቱ ከቢድ ምዃኑ እዩ ውድብ ጥዕና ዓለም ዘጸር ዘሎ።

ኣብ'ዚ ቀረባ ዓመታት፡ ሰብሰርሖ ሽኮር ኣብ ጥዕና ሰብ ዘለዎ ጉድኣት ኣመልኪቱ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ሳክሪን ሰክርሎዝን ዝበሃሉ ኣርተፈሻላውያን ሽኮራውያን መማቐርቲ፡ ኣብ ደም ዝርከብ ዓቐን ሽኮር ከምዝልዕሉ ክሕበር ከሎ፡ ኤርይትሪቶል ዝበሃል መማቐርቲ ከኣ ምርጋእ ደም ከምዘኸትል እዩ ክልለ ተኻኢሉ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ዝኾነ ሰብ ካብ ሰብሰርሖ ሽኮራዊ ትሕዝቶታት፡ ባህርያዊ ሽኮር ዘለዎም መግዝብታት ኮነ ዓይነት ማስተታት ክዘውትሩ ተመሪጺ ምዃኑ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም መኺሩ።

## ገደብ ዓለማዊ ዋዒ፡ ኣብ ቀረባ ዓመታት ክጥሓስ ተኽእሎ ከምዘሎ ተሓቢሩ

ክኢላታት ስነክሊማ፡ ብሰንኪ ንጥፈታት ወዲ-ሰብ እናሓየረ ዝወሰኽ ዘሎ ክሊማዊ ዋዒ፡ ኣብ ዝመጽኡ ወኻሎት ዓመታት፡ ነቲ ተነቢሩ ዘሎ ገደብ ዋዒ ክጥሕሶ ልዑል ተኽእሎታት ከምዘሎ ኣሚቶም።

ንሶም፡ እዚ እናዛየደ ዝኸይድ ዘሎ ዓለማዊ ዋዒ፡ ነቲ ከም ገደብ ተነቢሩሉ ዘሎ 1.5 ዲግሪ ሰንትግሬይድ ክሳብ 2027 ናይ ምጥሓስ ተኽእሎኡ ብ66 ሚእታዊ ልዑል ከምዘሎ ገሊጾም። እዚ ምጥሓስ ዓቐን መቐት ምስ ዘጋጥም፡ ዓለማዊ ዋዒ ካብ'ቲ ብምውንጫፍ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝልለ መፋርቕ 19 ክፍለ ዘመን፡ ብ1.5 ዲግሪ ሰንትግሬይድ ልዑል ከምዘሎ ዘመልክት ምዃኑ ኣረዲኦም።

ኣብ 2015 ንክሊማዊ ዋዒ ኣመልኪቱ ኣብ ከተማ ፓሪስ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ዓለማዊ ዋዒ ኣብ ዝኾነ ግዜ በዚ ዝተጠቕሰ ዓቐን ዲግሪሰንትግሬይድ ከይወሰኽ ጻዕርታት ክካየዳ ምዃነን ተሰማሚዐን ነይረን እየን። ነቲ ስምምዕ ኣብ ግብሪ ምውዓል ግን ንቑጠባ መብዝሕትአን ምዕቡላት ሃገራት ኣርባሒ ኮይኑ ስለዘይተረኸበ፡ 'ተሰፋን ሃፋን' ኮይኑ ክተርፍ ደኣ'ምበር ከም'ቲ ዝመደራሉ ክሰርሕ ኣይተራእየን። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ዓለማዊ ዋዒ ብቐልጢፍን ተለዋዋጥን ኣገባብ ክብ ብምባሉ፡ ኣብ ሰብ፡ ንብረትን ኣከባብን ከቢድ ዕንወት ክወርድ፡ መዓልታዊ ሽፈነ ማዕከናት ዜና ኮይኑ ዘሎ ሓቂ እዩ።




እቶም ክኢላታት፡ እዚ ዝተጠቕሰ ዓቐን ክሊማዊ ዋዒ ምስ ዘጋጥም፡ ንዊሕ ግዜ ዝቐጸሉ ማዕበላት ዋዒ፡ ብተደጋጋሚ ዝኸሰቱ ማዕበላት ባሕርን ባርዕ ጫካታትን ኪጋጥሙ ከምዘኽእሉ ኣጠንቂቖም ኣለው። ወሲኾም፡ ክሊማዊ ዋዒ ሓባራዊ ወጽኢት ንጥፈታት ኩለን ሃገራት ክሳብ ዝኾነ፡ ብዘቐልጠፈ መንገዲ ንምውጋዱ ሓቢረን ምስ ዝዓያ፡ እዚ ከየጋጥም ተሰጊኡ ዘሎ ሓደገኛ ዓቐን ዓለማዊ ዋዒ፡ ሓቅነት ክሉብስ ዓቕሚ ከምዘይብሉ ኣረዲኦም። ኣስዒቦም ድማ፡ እዚ ሳዕቤናቱ ግዜያዊ ምዃኑ ዝግለጽ ዘሎ ምጥሓስ ገደብ ዓቐን ዓለማዊ ዋዒ ምስ ዘጋጥም፡ ካብ ዝኾነት ክፍሊ ዓለም፡ ኣርክቲክ ብኸቢድ ክጽሎ ምዃኑ ኣብ መወዳእታ ኣዘኻኺሮም።

## ምልዓል ብከላ ኣየር ንዘይስሩዕ ህርመት ልቢ የቃልዕ

ኣብ ቻይና ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ምውሳኽ ዓቐን ብከላ ኣየር፡ ንዘይስሩዕ ህርመት ልቢ ከምዘቃልዕ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

እቲ መጽናዕቲ ብሰንኪ ምውሳኽ ዓቐን ብከላ ኣየር ዝንቀሎ ጸገማት ልቢ፡ ኣብ መደበር ጥዕና እታ ሃገር ዝተዓቑቡ ልዕሊ 200 ሽሕ ዝበጽሑ ተሓከምቲ እዩ ተኻይዱ። ኣብ'ቲ ወጽኢት ከኣ፡ ዓቐን ብከላ ኣየር ኣብ ዝልዕለሉ መዓልታት፡ ብዓለምለኻዊ ደረጃ ብኣሰሓት ዝቑጸሩ ሰባት፡ ጸገማት ልብን ሕማም ኣዝማን ተላዒልዎም ብጠቕላላ ናብ መደበራት ጥዕና ከምዝወሓዙ እዩ ክፍለጥ ክኢሉ ዘሎ።

እቲ ምኽንያት ንምርዳእ ኣብ ዝተኻየደ ምርምር ከኣ፡ ሽዱሽተ ጭኢታታት ብከላ ኣየር ንጸገማት ልቢ ከምዝቃልዑ ተለልዩ ከምዘሎ እቶም ክኢላታት ሓቢሮም። ካብ'ኦም ጭኢታ ናይትሮጂን ዳይኦክሳይድ ኣብ ምውሳኽ ህርመት ልቢ ልዑል ግደ ዘለዎ ጭኢታ ብከላ ኣየር ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ድማ ወሲኾም ኣዘኻኺሮም።

ኣስዒቦም ድማ፡ እዞም ጭኢታታት እዚ'ቶም ኣብ ልቢ፡ ነድርን ምረታን ብምስዓብ ንኤለክትሪካዊ ንጥፈታት ልቢ ብኣሉታ ከምዝጸልውዎ ኣረዲኦም። ብዘይካ'ዚ ምውሳኽ ዓቐን ብከላ ኣየር ንሕማም መንሽሮ ሳንቡእ ቀድሚ ሕጂ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ብዝሒ ክብ ከብሎ ምኽኣሉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ ሕማማት ልብን ናይ ምስትንፋስ ጸገምን ዘለዎም ሰባት፡ ዓቐን ብከላ ኣየር ኣብ ዝልዕለሉ መዓልታት፡ ሕልፊ ሰብም ክጥንቀቑ ተማሕጺኖም።



## ንፕላስቲክ ዝትክእ ተሪር ቦርሳ ናይ ወረቐት ማዕቢሉ

ኣብ ኣመሪካ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ንመትሓዚ ዝተፈላለዩ ነገራት ዘገልግል፡ ንፕላስቲክ ክትክእ ዓቕሚ ዘለዎ ካብ ወረቐት ዝተሰርሐ ተሪር መትሓዚ (ሳኬት) ክሰርሑ ከምዝኸኣሉ ሓቢሮም።

እዚ ካብ ቤተ-ምርምር ዘይወጸ ዘሎ ብዓይነቱ ናይ መጀመርያ ካብ ወረቐት ዝተሰርሐ መትሓዚ፡ ብተደጋጋሚ ኣብ መዓላ ክውዕል ዝኽእል እዩ። ምስ ዝጥልቂ መሊሱ ዝተርር፡ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ኣብ ዝኾሉ ናብ ተተካኢ ነዳዲ ክልወጥ ዝኽእል ምዃኑ ድማ ተወሲኺ ብልጫኡ ከምዝኾነ ሰራሕቱ ይሕብሩ። እዚ ብሕሱር ዋጋ ክስራሕን ናብ ነዳዲ ክቕየርን ዝኽእል ፕላስቲክ፡ ንሰብነትን ንኣከባብን ኣርባሒ ኮይኑ ብምርካቡ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ፍርያት ከምዝኾነ፡ ብዝተፈላለዩ ክኢላታት እዚ ዓውዲ ይግለጽ ኣሎ።

ሰራሕቱ፡ ንኣሰራርሓ እዚ ሳኬት ኣመልኪቶም፡ ነቲ መትሓዚ ንኽስራሕ ብቑዕ እዩ ዝበልዎ ወረቐት፡ ኣቕሲጂን ኣብ ዘይብሉ ማስርሕ ከምዝበሰልዎ እዮም ዝገልጹ። እዚ ማስርሕ እዚ ከኣ፡ ንማሰረታዊ ድልዳል እቲ ወረቐት ብምሕያል፡ ኣብ ዝጥልቅየሉ ግዜ ከይተረፈ ብዘይጸገም ንዊሕ እዋን ከገልግል ከምዘኽእሎ ኣረዲኦም። ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝወጸ ጸብጻብ፡ ብደረጃ ዓለም፡ ዓመታዊ ምሉእ ብምሉእ ንኽምሽሞሽ 1 ሽሕ ዓመት ዝወስደሉ ኣስታት 5 ትሪልዮን መትሓዚ ነገራት ፕላስቲክ ይፈራ፡ እዚ ብጠቕላሊ ዝፈሪ ፕላስቲክ፡ ብኣዝዩ ዝተዳቐቐ መልክዕ ኣብ እንበልዖ መግቢ፡ ኣብ እነስተንፍሶ ኣየርን እንሰትዮ ማይን እናኣተወ ኣብ ጥዕና ሰብ ሓደጋ የውርድ ከምዘሎ እዩ ብተደጋጋሚ ዝግለጽ። እዞም ክኢላታት ከኣ ዝ. ብፕላስቲክ ዝስዕብ ሓደጋ ንምውጋድ፡ በዚ ተሪር ናይ ወረቐት ቦርሳ ክትክእዎ ቀጻሊ መጽናዕታዊ ምርምራት የካይዱ ከምዘለዉ ገሊጾም ኣለው።

እዛ ዝ. ወረቐት ከተፍርን ናብ ነዳዲ ክትልወጥን ክኢላ ዘላ መሳርሒት፡ ብሰፊሑ ደረጃ ምስ እትሰራሕ፡ መጻኢ ዓለምና ብመዳይ ብከላ ፕላስቲክ ውሑስ ክኸውን ከምዝኽእል፡ እቶም ሰራሕታ ኣብ መወዳእታ ሓቢሮም።



## ሕይወታዊ ብዙሕነት ናብ ንቡር ምምላስ፡ ካብ ስምምዕ ናብ ግብሪ

### 22 ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሕይወታዊ ብዙሕነት

ሕይወት ኣብ ዓለም ብዝበርከ መንገዲ ንክይትቕጽል ብርሰት ኣከባቢ ዓቢዩ ስግኣት ይኸውን ኣሎ። ቀንዲ ጠንቁ ንጥፈታት ደቂ ሰብ፡ መዋትኦኡ ስሙርን ንቑሕን መኸተ ናይ መላእ ሕብረተሰብ ዓለም ምዃኑ ድማ ሕልፊ ካልእ እዋን ሕጂ ዚያዳ ጉሊሑ ኣሎ።

ስለ ድሕነት ኣከባቢ ስሙርን ኣድማዕን ግሎባዊ መኸተ ኪካየድ ኣብ ኣህጉራዊ መጋባእያታት ዝቐረቡ ምሕጽንታትን ዝተበጽሑ ኣህጉራዊ ስምምዓትን ብዙሓት እዮም። ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ ኣህላኺ ዘተ፡ ዓሚ ማለት ኣብ ኣጋ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ 2022፡ ኣብ ሞንትርያል ካናዳ ኣብ ዝተቓነዐ መበል 15 ኣህጉራዊ ዋዕላ ህይወታዊ ብዙሕነት ዝጸደቐ ስምምዕ "ኣህጉራዊ መርሓ ምዕቃብን ምስሳንን ህይወታዊ ብዙሕነት" በዚ ሎሚ ዕለት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሕይወታዊ ብዙሕነት ከም ኣገዳሲ ኣበነት ምጥቃስ ይከኣል።

ሕብረተሰብ ዓለም ብዝዕባ ጠንቅን ሳዕቤንን ናይ'ቲ እቲ ብኣተፈላለየ መልክዑ ኪዝሕርን ኪብእስን ዝጸንሐ ብርሰት ኣከባቢ፡ ኣጥሪዩዎ ዘሎ ሓፈሻዊ ንቕሓት ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ ብዝዕባ ድሕነትን ምጥዓይን ግሎብና ንምትሰፋው ኣተባባዒ እዩ ምባል ይከኣል ይኸውን። ትግባረ ናይ መብዝሕትኦም ንዓለምና ካብ ኣከባብያዊ ብርሰት ንምግልጋላን ንምጥዓያን ዝተበጽሑ ኣህጉራዊ ምርድዳኣትን ውዕላትን፡ ምስቲ እናበኣሰ ኪመጽእ ዝጸንሐ ግሎባዊ ኣከባብያዊ ብርሰት ዘይመጣጠን ምዃኑ ግን ንምቕሳንን ምዝናይ እኹላት ምኽንያት ኣይኮነን።

ኣከባብያዊ ፍልጠትን ንቕሓትን ኩሉ ኣህጉራዊ ኣከባቢ ጠቀስ ውዕላትን ንዓለምና ካብ ብርሰት ንምድሓንን ንምጥዓያን ከገልግል እንተኾይኑ ብግብሪ ክሰ መሰረታዊ እዩ። ዝ. ሓቂ እዚ ብምግንዛብ ከኣ ሎሚ ዓመት 22 ግንቦት፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ሕይወታዊ ብዙሕነት፡ ነቲ ኣብ ሞንትሪያል፡ ኣብ መበል 15 ዋዕላ ኣባል ሃገራት ውዕል ሕይወታዊ ብዙሕነት ዝተበጽሐ ስምምዕ "ኣህጉራዊ መርሓ ምዕቃብን ምስሳንን ሕይወታዊ ብዙሕነት" ንምምሕጻን፡ "ሕይወታዊ ብዙሕነት ናብ ንቡር ንምምላስ - ካብ ስምምዕ ናብ ግብሪ" ዝርእሱ ቴማ ብምልዓል ኣብ መላእ ዓለም ተዘኪሩ ትውዕል ኣላ።

ዝ. ናብ መላእ ሕብረተሰብትን መንግስታትን ዓለም ዝቐንዐ ኣህጉራዊ ጻውዒት ምዕቃብ ህይወታዊ ብዙሕነት ናይ ኩልና ኤርትራውያን ግብራዊ መልሲ ብመንግስትና ኣብ ዝወጹ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምግራብ፡ ምዕቃብ ንጽህናን ምክልኻል ብከላን ብእንግዝብሮ ንጡፍን ኣድማዕን ተሳትፎ ክንገልጾ ይግባእ። ምዕቃብን ምስሳንን ሕይወታዊ ብዙሕነት፡ ምክልኻል ድሕነትን ጥዕናን ባህርያዊ ኣከባቢ ንኩሉ ዜጋ ዘምልከት ወሎዶታት ዘጸምድ ሃገራዊ ዕማም እዩ፡ ብኣድናቖት ዚዝከር እወንታዊ ኣሰር ንሕደግ።

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| | 21/05/2023 | | |
| ፋርማሲ ሂወት | | ጎደና ብድሆ፡ ጥቓ ደሴት ሰማእታት(ጥቓ ኢንሹራንስ ነገር) | 123355 |
| ፋርማሲ ኦምፔሮ | | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲነማ ኣምፒር | 121480 |
| ፋርማሲ ዳህላክ | | ጎደና ፒጀረት-751 ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀይሕ ባሕሪ | 188159 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services